
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.203 | ቀዳም 25 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ዝኽሪ ሚያዝያ



ገጽ 4
“ጸልጣ ጸባ፡ ......!”

ገጽ 5
ዝሓሸ ደኣ እንታይ‘ዩ፧

ገጽ 8
ዝኽሪ ዛዛሚ ኲናት
ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ

ገጽ 11
ካልኣይ ዙርያ ሊግ ኲዕሶ እግሪ
ዞባ ማእከል ፈሊሙ


## ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ፡ ትግባረ መደባት ልምዓት ንምዕዛብ ዑደት ኣካዩ




ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮንን ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ሓላፊ ማእከል ወፍሪ ዶ/ር ወልዳይ ፍጡርን ዝሰሰል ዘሎ መደባት ልምዓትን ወፍሪን ንምዕዛብ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዑደት ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ካብ 16 ክሳብ 22 ሚያዝያ ዝተገበረ፡ ንንኡስ ዞባታት መንደፈራ፡ ዓረዛ፡ ማይ-ዒዲ፡ ደቀምሓረ፡ ደባርዋ፡ ዓዲ-ቐይሕ፡ ሰገነይቲ፡ ማይ-ምነ ዘሸፈነ ዑደት፡ ብደረጃ ዞባ ዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፡ ምፍዋስ ማይ-ከዖታት፡ ከምኡ'ውን ብተራድኣታትን ውልቀ ኣውፈርትን ዝካየድ ዘሎ ልምዓት ጀራዲን ምርባሕ እንስሳ ምምስራሕ ጸባን ወጽኢቱን መኻንዩን ካልእን ብምብጻሕ፡ ምስ ኣካየድትን ሰራሕተኛታትን ተመያየጥም።

ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብደረጃ ዞባ ኣብ ዝተፈላለየ ጸላታት ከውፍሩ ንዝደልዩ ዜጋታት ዝምችእ ባይታ ንምፍጣር ዝሕግዝ ልምዓታዊ ንጥፈታት ይትግበር ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ከውፍሩ ንዝደልዩ ሓረስቶት ተስፋ ዝሁቡን ዘተባብዑን መድረኽ ተፈጢሩ ምህላዉ ገሊጹ።

ኣብ ዞባታት ዝካየድ ማሕበረ-ቁጠባውን ልምዓታውን ንጥፈታት ምክትታል ተኸእሎታት ወፍሪ ንምልላይ ሓጊዚ ተራ ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ዶ/ር ወልዳይ ፍጡር፡ እቲ ዑደት ህልው ዕድላትን ብድሆታትን ዝድህስስ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ምርባሕ እንስሳን ምምስራሕ ወጽኢት ጸባን ተጠርዩ ዝሎ ዓቕሚ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ዝምራሕ ተወዳዳሪ ንምግባሩ፡ ዝያዳ ጻዕሪ ክካየድ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ጸላታት ተዋፊሮም ዝርከቡ ኣውፈርቲ፡ ብወገኖም፡ ጸቢብ ንሕርሻን ትካላትን ዘገልግል መሬት፡ ናይ መጓዓዝያ ጸገም፡ ከምኡ'ውን ሕጽረት ኢንዱስትሪያዊ ጥረ-ነገራት፡ ካብ ቀንዲ ብድሆታቶም ከምዝኾኑ ሓቢሮም።

## ዓለምለኻዊ መዓልቲ ላቦራቶሪ፡ ብደረጃ ሃገር ንፈለማ እዋን ተዘኪራ

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ላቦራቶሪ፡ ብደረጃ ሃገር ንፈለማ እዋን ብ23 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዝኽሪ ንተራ ላቦራቶሪታት ኣብ ምምዕባል ስነ-ፍልጠታዊ ዕዮን ምምሕያሽ ህይወት ወድ-ሰብን ኣፍልጦ ንምሃብ፡ መርበብት ህዝባዊ ጥዕናን ሃገራዊ ናይ ልምዓት መደባትን ንምሕያል፡ ልክዕነት መርመራታት ንምውሓስ፡ ከምኡ'ውን ምርምርን ምህዞን ዝካየዱ ክኢላታት ላቦራቶሪ ክብሪ ንምሃብ'ዩ።




ዶ/ር ኤፍሬም ጉብረማስቀል፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዳይረክተር ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ተራ ላቦራቶሪ ኣብ ሃገራዊ ልምዓትን ህዝባዊ ጥዕናን ኣዘዩ ወሳኒ ስለዝኾነ ብንጥፈት ክሰርሓሉ ምጽንሑ፣ በዚ መሰረት ድማ ንሃገራዊ ሸቶ ዝድግፉ፡ ቁጠባዊ ዕቤት ህዝባዊ ጥዕና፡ ከምኡ'ውን ከቢብያዊ ሓለዋን ምሕደራ ባህርያዊ ሃብትን ዘረጋግጽ ብርክት ዝበለ ላቦራቶሪታት ከምእተመስረተ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣገልግሎት ላቦራቶሪ ዘድልየን ሚኒስትሪታት፡ ወህደት ፈጠረን ንሓድሕደን ብምምልላእን ተመክሮ ብምቕሳምን ዝሰርሓሉ ባይታ ክፍጠር ከምዘዎጎኦ ተዘቲዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ደረጃኡ ዝሓለወን ቀጻጸር ብቕዓት መድሃኒት ንዘካይደዎ ላቦራቶርያዊ ስራሓት ዘንጸባርቕ ብማሕሊ ዝተሰነየ ወረቓቕቲ ብክኢላታት ቀሪቡ።

ዚ መሰረት ብምግባር ድማ፡ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ጥዕና፡ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ ጸዓትን ማዕድንን፡ ከምኡ'ውን ሃገራዊ ብቕዓቱ ዝተቐበለን ፍርያት ንምቕራብ ተራ ላቦራቶሪታት ክፃዘዙ፡ ወሀድ ኣገባብ ኣሰራርሓ ክተኣታቶ፣ ብቑዕ መሳርሒታት ክማልኡ ብቑዓት ክኢላታት ክፈርዩ፡ ከምኡ'ውን ስርሓት ላቦራቶሪ ንድሕነት ሰብ ሞያ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ዝብልን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ቀሪቡ።



ጽንዓትና ዋሕስና ! ! صمودنا... ضماننا
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE !

## ዜና

# ተሰነይ - ተራ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ኣብ መደባት ልምዓት ተገምጊሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ መንእሰያት ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ መደባት ልምዓት ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብሩ ከም ዘለዉ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ መለስ ጉብራይ ሓቢሩ።

ብ18 ሚያዝያ ምስ ኣባላት ውዳብ መንእሰያት ሲቪል ሰራሕተኛታት ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ እቲ ውዳብ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ዕድመኡ፡ ኣብ ባህላዊ፡ ስፖርታዊ፡ ፖለቲካውን ልምዓታውን መዳያት ዝምስገን ንጥፈታት ከም ዘሰላሰለ ገሊጹ።

ኣካየድቲ ናይ'ቲ ውዳብ ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ ኣብ መንእሰያት ዘተኮረ ኣኼባታት፡ ስልጠናታትን፡ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ሓገዝ ንጽጉማት ወገናት፡ ማሕበራዊ ንጥፈታት፡ ከምኡ'ውን ምእካብ ዓመታዊ ክፍሊት ማሕበር ዘጠቓልል ንጥፈታት ከም እተዓመ ብምግላጽ፡ ኣብ'ቲ መስርሕ ንዘጋጠመ ብድሆታትን ድኻማትን ብዝርዝር ኣቕሪቦም።



ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓብደልሓሚድ እስማዒል ብወገኑ፡ ሃማመተኤ - መንእሰያት ተወዲቦም ኣበርክቶኦም ኣብ መደባት ልምዓት ንምሕያል ኣብ ዝጥፈሉ ዘሎ መድረኽ፡ ምትሕብባር ማሕበር ከምዝይፍለዮ ኣረጋገጹ።



ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ጉብረእየሱስ ብግደኡ፡ ውዳብ መንእሰያት ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ኤርትራዊ ባህሊ፡ ታሪኽን ክብርታትን ናብ ሓድሽ ወለዶ ንምስግጋር ዝካየዱ ንጥፈታት ብምምስጋን፡ ኣብ ቀጻሊ ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ 11 ዝኣባላታ ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል ተመሪጻ።

# ሓጋዝ - ኣብ ኣተኣላልያ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘተኮረ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ሓጋዝ፡ ንቖልዑትን ኣፍልጦን ወለዲ ኣብ ናብዮት ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ንምዕባይ ዝሕግዝ ስልጠና፡ ካብ 18 ክሳብ 22 ሚያዝያ ንልዕሊ 100 ወለዲ ተዋሂቡ።

እቲ ብምውህሃድ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላንን ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ዓንሰባን ዝተወደበ፡ ኣብ ድሕነት፡ ኣጠቓቕማ ዓይኒ ምድራ፡ ኣገባብ ኣመጋግባ፡ ስነ-ምግባር፡ ጸወታ፡ ጽሬትን ኣለባብሳን ዘተኮረ ስልጠና፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት፡ ጥዕናኦም ተሓልዩ ኣፍረይቲ ዜጋታት ዝኾኑሉ ዕድላት ንምፍጣር ዝዓለመ'ዩ።

ኣደ-መንበር ማሕበር ኣብ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ጉት ሃብቱ፡ ምስ'ቲ ስንክልና ዝነብሩ ቈልዑ፡ ወለዶም ዘየቋርጽ ሓልዮት ዝደልዩ ደሊየ ቢ ተጎጂኦም ዝቐንዕ ክኽተሉ፡ ወለዶም ዘስተብህሉሉን ኣቓልቦ ዘይገብሩሉን ንጥፈታትን ድሌታትን ንምርዳእ ዝሕግዝ ስልጠና ንወለዲ ብቐጻሊ ክወሃብ ከምዘድሊ ብምጥቃስ፡ ወለዲ ብዝቐሰምዎ ስልጠና ግቡእ ኣተኣላልያ ብምዝውታር መጻኢ ደቆም ከውሕሱ ተላብዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣብ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባላውን ስንኩላን ዝተጠርነፉ 150 ኣባላት ኣለዉ።



# ዓረዛ - ንዜጋታት መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ብመልክዕ ወፍሪ ብዝተኻየደ መደብ፡ ን109 ዜጋታት መጥባሕቲ ሓብኳ ዓጸሚ ዓይኒን ቅርኒብ ዓይኒን ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ንሓደ ሰሙን ዝቐጸለ ወፍሪ፡ 500 ዜጋታት መርመራታት ከምእተገብረሎም ዝሓበረ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ዶ/ር ኣስራት ወልደገርግስ፡ ዜጋታት ኣዒንቶም ብግቡእ ክከናኸኑ፡ ዝኾነ ጸገም ምስ ዘስተብህሉ ድማ ብቕልጡፍ ናብ ትካል ጥዕና ክመጽኡ መኺሩ።

እቲ መደብ፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝርከቡ ህዝቢ፡ እኹልን ብቑዕን ኣገልግሎት ጥዕና ንኽረኽቡ ዝወጸ ውጥን ስራሕ ከምዝተኻየደ ብምሕባር፡ ወጻኢታዊ ከምዝነበረ ገሊጹ።

እቲ ወፍሪ ሕሙማት ብምፍታሽ መጥባሕቲ ዝደልዮም ንምምራጽ ዝዓለመ ምንባሩ ዝጠቐሰ ዶ/ር መኮንን ኣብርሃለይ ብወገኑ፡ መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም ዜጋታት፡ ንዝተዋህቦም መድሃኒት ብግቡእ ክጥቀሙሉን ክከታተልዎን ተማሕጺኑ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ወፍሪ መጥባሕቲ ዓይኒ ድሕሪ 2022 ንካልኣይ ግዜ ይካየድ ከምዘሎ ዝሓበረ ሓላፊ ኮማዊ ሆስፒታል ዓረዛ ነርስ ዘርኣም ዘሞ፡ እቲ መደብ ንዝነበረ ጸገማት ዝፈትሕ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ወሃብቲ ርእይቶ ብወገኖም፡ እቲ ወፍሪ ካብ ሃልኪ ጉልበትን ገንዘብን ኣናገፉ ብርሃን ዓይኖም ከምዝተመለሶም ብምሕባር ቀጻልነት ክህልዎ ኣዘኻኺሮም።

— — — —

# ሽዕብ - ኣፍልጦ ሕጊ ዘበርኽ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሽዕብ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ህዝቢ ኣብ ሕጊ ንምዕባይ፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ኣስተምህሮታት ኣካይዱ።

ኣዛዚ ናይ'ቲ መደበር ተለኑት ጸጋዮ በየኑ ኣብ ሳዕቤናት ገበናትን በደላትን ንምግታእ ዝገበር ጻዕርን፡ ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ኮማዊ ፖሊስ ኣብ ምሕላው ጸጥታ ከባቢ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ተልእኾ ፖሊስ ብዚይ ንቑሕ ተሳትፎ መላእ ሕብረተሰብ ክሰምር ከምዘይክእል ብምሕባር፡ ተርእዮታት ገበን ምክልኻል፣ ምስ ዘጋጥም ድማ ምስ ፖሊስ ምትሕብባር ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊኦም ብመንእሰያት ዝፍጸሙ ተርእዮታት ብኣጋ ንምቍጻይ፡ ተራን ኣበርክቶን ወለዲ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ተለኑት ጸጋዮ፡ ህዝቢ ጸጥታዊ ኩነታት ከባቢኡ ኣብ ምቍጽጻር ብንቕሓት ክዋሳእ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ኣስተምህሮ ንዝነበሮም ድኑነት ኣፍልጦ ከማዕብሎ ብምሕባር፡ ደቆም ብኽብርታት ሕብረተሰብ ንምኽትታልን ወልፍታት ንምውጋድን ካብኦም ዝሕተት ከማልኡ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ብዘይካዚ፡ ብቤት-ጽሕፈት መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ቡያን በርደሊን ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ ከምእተዋህበ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ዶክመንታሪ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም - ሓቅን ጽውጽዋይን ፊት ንፊት 7ይ ክፋል (ድግም) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ = መሬት ማይን ኣከባብን |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ዝኽርታት ረፈረንደም 23-25 ሚያዝያ 1993 (3ይ ክፋል) |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ርእይቶ ህዝቢ ብዛዕባ ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ዝኽሪ ሚያዝያ

## ረፈረንዱም 1993፡ ታሪኽ ዘቕነዐ ሕጋዊ ፍርዲ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

ታሪኽ ሓደ ህዝቢ ብደምን መስዋእትን ጥራይ ኣይኮነን ዝውሰን። ልኡላውነት ምሉእ ዝኸውን እቲ ብረታዊ ዓወት ብሕጋዊ ማሕተምን ኣህጉራዊ ተፈላጥነትን ክረጋገጽ ከሎ እዩ። ብዙሓት ሃገራት ናጽነተን ብፖለቲካዊ ስምምዓት ጥራይ ኣረጋጊጸን እየን። እቲ ኣብ ሚያዝያ 1993 ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ ረፈረንዱም ግን ካብ ተራ ምርጫ ንላዕሊ እዩ ዝነበረ። ንሱ፡ ነቲ ንኣርባዓ ዓመታት ተዓጽዩ ዝነበረ ናይ ፍትሒ ማዕጾ ብወግዒ ዘርሓወን፡ ነቲ ኣብ 1950ታት ዝተፈጸመ ኣህጉራዊ ጥልመት ብደሞክራሲያዊ መገዲ ዝቐበረን ታሪኻዊ ፍርዲ እዩ። እቲ ረፈረንዱም እቲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰርቀ መንነቱን ዝዘንበወ ታሪኹን ኣብ ቅድሚ ዓለም ብኽብሪ ዝመለሰሉ ፍሉይ መድረኽ እዩ።

ነቲ ኣብ 1993 ዝተረጋገጸ ፍትሒ ንምርዳእ፡ ናብቲ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝነበረ ጸለም ፖለቲካዊ ምዕራፍ ምምላስ የድልየና። ድሕሪ ውድቀት መግዛእቲ ጣልያን፡ መጻኢ ዕድል ኤርትራ ኣብ መድረኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክዝተየሉ ከሎ፡ ፍትሒ ዘይኮነስ ስትራተጂያዊ ረብሓታት ሓያላን ሃገራት እዩ ቀዳሚነት ተሰሪዑ። ዓለም ኣብ ክልተ ፖለቲካዊ ጎደናታት ተኸፊላ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ኤርትራ ብመሰረት ሕጊ ዓለምን መትከል "ዲኮሎናይዘሽን" (Decolonization) ናጽነታ ክትረክብ ዝግብኣ ሃገር ነበረት። ይኹን እምበር፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብ15 ታሕሳስ 1950 ብዘሕለፎ ውሳነ 390 A(V)፡ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብ"ፈደረሽን" ክትቁረን ብምውሳኑ፡ ነቲ ታሪኻዊ ፍትሒ ካብ መስመሩ ኣንደልሂጹዎ። ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንመሰል ርእሰውሳነ ሓደ ህዝቢ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣእትዩዎ።

እዚ ውሳነ እዚ፡ ካብ መጀመርታ ሕጋዊ ጥልመት ዝተሓወሶ እዩ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ድሌቱ፡ ብዘይ ድምጹን ብዘይ ውሳነኡን ምስ ካልእ ሃገር ክሕወስ ተገዲዱ። እቲ "መሰል ርእሰ ውሳነ" ዝብል ዓቢ መትከል ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ክበጽሕ ከሎ ተጠውዩን ተሸራሪፉን እዩ። እቲ ብ1952 ዝተጀመረ ፈደረሽን እውን ብተግባር "ሕጋዊ ጭውያ" እዩ ነይሩ። ንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ነቲ ውሑድ ናጽነት ዝህብ ስምምዕ እውን ብብቑሩብ ክሸራርፎ ጀመረ። ባንዴራ ኤርትራ ወሪዱ፡ ቋንቋታት ኤርትራ ኣገዱ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ 1962 ንውዕል ፈደረሽን ብሓይሊ ኣፍሪሱ፡ ኤርትራ መበል 14 ክፍለሃገር ኢትዮጵያ ክትኸውን ገይሩዋ።

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ እቲ ባዕሉ ዘጽደቖ ሕጊ ክጥሓስ ከሎ ዓይኑ ዓሚቱ ስቕታ መረጸ።

እዚ በደል እዚ ብሰላማዊ መንገዲ ንምቅዋም ዘይተገብረ ፈተነ ኣይነበረን። ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታትን ፖለቲከኛታትን ብሰላማዊ ሰልፍታት ድምጾም ኣስምዑ። ዓለም ደገፍ ምስ ነፈገቶም ግን እቲ እንኮ ዝተረፈ ምርጫ "ብረታዊ ቃልሲ" ኮነ። እቲ ካብ 1961 ጀሚሩ ክሳብ 1991 ዝተኻየደ ኩናት፡ ብመሰረቱ ናይ ሕጊ ቃልሲ እዩ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ "ኣነ መን እየ" ንዝብል ሕቶ መልሲ ንምርካብ እዩ ተቓሊሱ። እቲ ቃልሲ ወተሃደራዊ ዓወት ንምምዝጋብ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ዝተሰርቀ ሕጋዊ ልኡላውነት ንምምላስን ነቲ ዝዘንበወ ታሪኽ ንምሕራምን ዝዓለመ ናይ ኣርባዓ ዓመታት ናይ ሕልና ኣውያት ነበረ።

ሓደ ካብቲ ዚያዳ ዘገርም ፖለቲካዊ ብስለት፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ገና ኣብ ውዕዉይ ኩናት እናሃለወ ኣብ 1980 ዘቕረቦ ሓሳብ እዩ። ንሱ ድማ "ብረፈረንዱም ዝረጋገጽ ናጽነት" ዝብል ነበረ። እዚ ሓሳብ እዚ፡ ኤርትራውያን ዋላ እውን ሕጋዊ መሰልና እንተኾነ ብሓይሊ ብረት ጥራይ ሃገር ክንውንን ከም ዘይንደሊ፡ ብኣንጻሩ ነቲ ኣብ 1950ታት ዝተፈጸመ በደል ብደሞክራሲያዊ ድምጺ ህዝቢ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክዕረዮ ከምእንደሊ ዘመልክት ነበረ። እቲ ቃልሲ ነዊሕ፡ መሪርን ክቡር ዋጋ ዝሓተተን እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ድሌት ናጽነት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ልቢ ኤርትራዊ ስለ ዝበረ እቲ ወተሃደራዊ ዓወት ኣብ ግንቦት 1991 ብሓቦ ተረጋጊጹ።


ድሕሪ ምሉእ ሓርነት፡ እቲ ታሪኻዊ በደል ሕጋዊ መደምደምታ የድልዮ ነበረ። ኤርትራ ብጭብጢ ናጻ ሃገር እኳ እንተነበረት፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዓለም ግን ገና ተፈላጥነት ዝሓትት መስርሕ ነበረ። ስለዚ ድማ እዩ ረፈረንዱም 1993 ነቲ ብረት ዘምጽኦ ዓወት ናብ ሕጋዊ ልኡላውነት ዝቕየረ ድልዱል ድልድል ዝኾነ። እቲ መስርሕ ብዓቢ ጥንቃቐን ብዘሳትፎ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን እዩ ተሰላሲሉ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ብመሰረት ውሳነ 47/114 ናይ ተዓዛቢ ጉጅለ (UNVER) ብምልኣኽ፡ ነቲ ኣብ 1950ታት ዝገበሮ ጌጋ ንምእራም ዘኽእሎ ናይ መወዳእታ ዕድል ተጠቒሙሉ።

ኣብዘን ካብ 23 ክሳብ 25 ሚያዝያ 1993 ዝነበራ ሰለስተ መዓልታት፡ ታሪኽ ኤርትራ ተቐየረ። ኤርትራውያን ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ብሓጎስን ብንብዓትን ናብ መድረኽ ምርጫ ውሒዞም። እቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ተዓቢጡ ዝነበረ ሓቂ ድማ ናብ ኣደባባይ ወጸ። ሓንቲ ብርቱዕ ትርጉም ዝነበራ "እወ ንናጽነት" እትብል ሰማያዊት ወረቐት፡ ዋጋ ናይቶም ብኣሽሓት ዝተሰውኡጀጋኑን ዋጋ ናይቲ ዝጠፍአ ግዜን ኮይና ኣብ ኣድ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ በጺሓት። ህዝቢ ኤርትራ ብሰላማዊ ኣገባብ ንዓለም "እወ ንናጽነት" ምስ በለ፡ እቲ ዝዘንበወ ታሪኽ ንሓዋሩ ተኣረመ።

ውጽኢት ምስ ተገልጸ ዓለም ተገረመት። 98.5% ካብቶም ዝተመዝገቡ ደምጾም ክህቡ ከለው፡ 99.8% ደማ "እወ ንናጽነት" በሉ። እዚ ኣሃዝ እዚ ኣብ ታሪኽ ረፈረንዱም ዓለም ክትሰምዖ ተገይደት። እዚ ድማ ነቲ ኣብ 1950ታትን 60ታትን ዝተፈጸመ ዲፕሎማስያዊ ክድዓት ብደሞክራሲያዊ ማዕበል ዝሓጸበ ህሞት ነበረ።

ብዓይኒ ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ረፈረንዱም 1993 "መሰል ርእሰውሳነ" ብኸመይ ብግቡእ ክትግበር ከም ዝኽእል ዘርኢ ሞዴል እዩ። ኤርትራ፡ ነቲ ዝጸንሐ ዓለምለኻዊ ጌጋ ንምእራም፡ ናብቲ ልኡላዊ ብዓል ስልጣን ዝኾነ ህዝቢ ተመልሰት። እቲ ረፈረንዱም፡ ነቲ ኣብ 1950ታት ዝተፈጸመ "ዘይሕጋዊ ምልሓቕ" (Annexation) ብሕጋዊ መንገዲ ኣፍረሶ። ንኤርትራ ድማ ከም ሓዳስ ሃገር ዘይኮነስ፡ ከምታ መሰላ ዝተመንዘዐት ቀደም ክትህሉ ዝነበራ ሃገር ገይሩ ኣቕሚ። እዚ ድማ ነቲ ሕጋዊ ሰረት ልኡላውነትና ዘይነቓንቕ ገበሮ።

እዚ ስጉምቲ እዚ፡ ነቲ "ታሪኽ ብሓይሊ ጥራይ እዩ ዝጽሓፍ" ዝብል ኣበሃህላ ዝቐየረ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብመሪር ቃልሱ ታሪኽ ጹሒፉ። ብረፈረንዱም ድማ ነቲ ታሪኽ ሕጋዊ ክታም ኣንበረሉ። እቲ ውጽኢት ንመላእ ዓለም ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ንጹር ነበረ፤ "ድሌት ህዝቢ ብሓይሊ ክዕበጥ ከም ዘይክእል"። ዓለም ድማ ድሕሪ 40 ዓመት፡ ንኤርትራ መበል 182 ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት



ተራእዩ ዘይፈልጥ፡ ንሓቅነትን ሓድነትን ሓደ ህዝቢ ዘንጸባርቕ ፍጻመ ኮነ። እቲ ጭደራ ናይ ዓወት ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ዓቢ "እፎይታ" እዩ ዝነበረ። ዓለም ድሕሪ 40 ዓመት፡ ደምጺ ህዝቢ ኤርትራ

ገይራ ተቐቢላታ። እዚ ነቲ ኣብ 1950 ዝተፈጸመ "ሕጋዊ ስንክልና" ዘወገደ ክውንነት ነበረ።

ሎሚ ንድሕሪት ተመሊስና ክንርእዮ ከለና፡ ረፈረንዱም 1993 ንዓና ንኤርትራውያን ካብ ፖለቲካዊ ዓወት ንላዕሊ እዩ። ንሱ፡ ናይ መንነት መረጋገጺን ናይ ፍትሒ ድምጺን እዩ። እቲ ብስሩዕ መንገዲ ዝተኻየደ መስርሕ፡ ኤርትራውያን ሕጊ እናኸበርን ንሕጋዊ ኣሰራርሓ ንግዙእን ህዝቢ ምዃንና ንዓለም ዘመስከርናሉ ኣጋጣሚ ነበረ። እታ "እወ" ዝበለት ወረቐት፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰማእት ዝተዋህበ ናይ ክብሪ ምላሽ፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰደተኛ ድማ ናብ ዓዱ ዝምለሰሉ ሕጋዊ ፓስፖርት እዩ ነይሩ።



ታሪኽ ኤርትራ ንዊሕ ግዜ ዘንበው ጺሒፉ እዩ። ሓያላን ሃገራት ንረብሓታተን ክብሉ "ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ታሪኻዊ ምትእስሳር ኣለዋ" ዝብል ናይ ሓሶት ትረኻታት ክበዝሓ ጺሒፈን። እቲ ናይ 99.8% ደምጺ ግን ንኹሉ እቲ ናይ ሓሶት ትረኻታት ብሓደ ግዜ በታተኖ። ረፈረንዱም ኤርትራ፡ ሓቂ ንግዚኡ ክትዕፈን ትኽእል ትኸውን ግን ፈጺማ ከም ዘይትመውት ዘመስከረ እዩ። እዚ ፍጻመ እዚ፡ ንመጻኢ ወለዶታት ኤርትራ ዘይትሓኽ ሕጋዊ ውርሻ ኣንቢሩልና ሓሊፉ እዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ረፈረንዱም 1993 ነቲ ግጉይ ውሳነ ኮነ ንምዝንባዑ ዝተሃቀነ ታሪኽ ኤርትራ ዝኣረመ ናይ ፍትሒ መጋበርያ እዩ። ካብቲ ናይ ተንኮል ፖለቲካ 1950ታት ናብቲ ዝተረጋገጸ ልኡላውነት 1993 ዝተገብረ ጉዕዞ መማሃሪ ታሪኽ እዩ። እዚ ረፈረንዱም እዚ፡ ኤርትራ ብሕጊ ዝተመስረተት፡ ብድሌት ህዝቢ ዝቖመት ሃገር ምዃና ዘረጋግጽ ናይ ዘለኣለም ሰነድ እዩ። እቲ ታሪኻዊ በደል ሎሚ ተኣሪሙ እዩ፤ ኤርትራ ድማ ኣብ ካርታ ዓለም ከም ልኡላዊት ሃገር ክትነብር፡ እቲ ድምጺ ንዘለኣለም ምስክር ኮይኑ ክነብር እዩ።

ሓደ ህዝቢ ብሓቦ ምስ ዝቐውም፡ ዝኾነ ሓይሊ ክዕግቶ ከም ዘይክእል ዘመስከረ ዓቢ መርኣያ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ "ምእራም ዝዘንበወ ታሪኽ" ንብሎ። እቲ ዝኣበዐ ታሪኽ ተኣሪሙ፡ እቲ ዝተሰርቀ ተመሊሱ፡ እቲ ዝተገዝአ ድማ ሓርነት ረኺቡ። ረፈረንዱም ኤርትራ ናይ ትማሊ ፍጻመ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ሎሚ መለለዪናን ናይ ጽባሕ ውሕስነት ልኡላውነትናን እዩ። እቲ ኣብ 1993 ዝተቐመጠ ሕጋዊ መሰረት፡ ንዘለኣለም ዓንዲ ሕቖ ሃገራዊ ክብርትና ኮይኑ ክቕጽል እዩ።



# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

"ብኻዶ...."

## "ጻልጣ ጸባ፡ .......!"

መንቀሊ ሓሳበይ እታ፡ "ከም ማይን ጸባን ይጸንብርኩም" እትብል ፍልጥቲ ጥቕሲ'ያ። ነዛ ጥቕሲ ዝጸሓፉ ወይ ፈጺሙ ኣብ ከተማ ዝዓበየ'ሞ ጸባ ዘይፈልጥ ወይ ድማ ኣብ ሃገረ-ሰብ ዝዓበየ ኣብ ከተማ ጸባ ማዕረ ክንደይ ምስ ማይ ተባኢሰን ከም ዘለዋ ዘይፈለጠን ክኸውን ኣለዎ። ከምዚ ኸማይ ኣብ ሃገረሰብ ዓብዩ፡ ኣብ ከተማ ብምእታው ኣይልግዐ ኣይጸባ ሓዲግ ሰብ ግን ነዛ ጽሕፍቲ ኣይምጸሓፋን። ግድን እንተ ኾይኑ ድማ ብኸምዚ ኣመሓይሹ ምጸሓፋ ዝብል ግምት ኣለኒ። "ከም ጸባ፡ ማይን ቡንን ይጸንብርኩም"፣ እወ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ከተማ ጸባ በይና እንተ ኣዚዝካ፡ ናይ ዓይኒ ጸገም እንተዘይኣልዩካ፡ ነቲ ማይ ካብቲ ጸባ ንኽትፈልዮ ዘጸግም ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ እቲ ማይ ካብ ጸባ ብምብዝሑ፡ ወየ ጸባ ከም ዓፍራ ኣብ ላዕሊ ጸምበለል ይብል፡ እንተ ዘይኩይኑ ድማ፡ ንቡር ከይተርፍ እክብ ኢሉ ከም ንእሽተይ ላህመት ኣብ ማንካ ልግብ ኢሉ ክጸንሕ ይኽእል።

ነዚ ዝፈለጡ ገለ ዘይሓላፍነታውያን ሰብ ትካላት ድማ ኣብ መንጎ ጸባን ማይን፡ ቡን ከም መተዓረቒ ብምምጻእ፡ ነቲ ናይ ክልቲኦም ሕብሪ ብምትሕውዋስ ንዓይኒ ብምዕሻው፡ "ካፑቺኖ" ዝብል ስያመ፡ ብሸኮር ተዓጂቡ፡ ኣብ ጣውላ ከም ዝወርድ ይገብሩ። መልሓስ ናይቶም ከምዚ ከማይ ደሃይ ጸባ ንምሕታት የማነ ጸጋም እንተበለ ወይከ። እቶም ደቂ ከተማ ግን "ኣሽንኳይዶ ነጸላ ረኪማ መዘራ፡ ብቐደማ ቀልጥፍቲ እግሪ" ድዩ ዝበሃል፣ ኣበይ ኢሎሞ። ምኽንያቱ፡ ጸባ ኣይፈልጥዎን'ዮም። እንተፈለጥዎ ድማ ኣየድህብሉን'ዮም። ኣብ ፍቕራዊ ዕላል ምስ ተሸሙ ከናፍሮም መቐረት ናይ ጸባ ኣይኩነን መቐረት ካልእ ከለሊ ኣይክእልን'ዩ ዝብል ግምት ኣለኒ። እምበር ጸባ ደኣ ብፍላይ ጻልጣ (ዘይፈልሐ) ብቐጥታ ካብ'ታ እንስሳ ናብ ኣፍካ ብምሕላብ (ምልሓኽ)፡ ዝስተ ጣዕሙ ንዓይ ክሳዕ ሕጂ ካብዚ ኣፈይ ኣይሃሰሰን። ብሓፈሻ ልግዐ፡ ውጽኢት ጸባ፡ ርግኦ፡ ብራሕ፡ ማ'ጨባ፡ ጠስሚ እናበላዕና ስለዝዓበና፡ ሕጂ ምስ ሰኣንናዮም ከምዛ ማይ ዝሰኣነት ዕፉን ኮይንና ንርከብ።

ብሓፈሻ ጓሶት ኣብ ጸባ ዘሎዎም ክእለት ዋላ እቲ ናይ ጸባ ክኢላ'የ ዝብል በዓል ሞያ ክንድኦም ክኸውን ኣይክእልን'ዩ፣ ኣይትሓዙለይ። ኣብ ደንበ ብዘይካ ሓንቲ ጓጉድ (ኩሮ) ብላ'ኻ ዝተሰርሐት፡ ኣብ ሓዊ ክትስ'ኽተት ዘይት'ኽእል ካልእ መትሓዚ ጸባ ኣብ ዘይብሉ፡ ጸባ ብምንታይ ይፈልሕ? እስኪ ቅድሚ ምንባብ ምቕጻልኩም ደው ኢልኩም ሓንሳብ ሕሰቡ። ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ኣይትበሉ፡ ንሕና ጓሶት ከለና፡ ጸባ ብኹሮ ንሓልቦ'ሞ፡ ዕንጸይቲ ረቢብና መጋርያ ንኣጉድ፡ ድሕሪኡ ጽሩይ እምኒ ዓረ ወይ ኣዛሒት፡ ኣብቲ ሓዊ ክሳብ ዝረስን ነእትዎ፡ ደሓር ብዕንጸይቲ ዝተሰርሐ ገረድ (መንቀርቀር ሓዊ ናይ ከተማ) ገይርና፡ ናብቲ ጸባ ዝሓዘ ጓጉድ ኣእትው-ኣውጽእ እናበልና፡ ክሳዕ ዝፈልሕ ንጽበዮ። እዚ ድማ ጸባ እምኒ ይብሃል። ኣየ'ወ ከምዚ ሎሚ ከይኮነ፡ ኣብ ትርኣስና ሓዲሩ ዝሕላ ጸባ ኢልና ንግሆ ተሲእና ግስም ኣቢልና ናብ ኣለዳና ክንወፍር ዝነበረ ጥዑም ግዜ ኣይርሳዕን እዩ።

ኣብ ግዜ ቀትሪ ኣብ ሩባ ጥሪትና ማይ ኣስቲና ኣብቲ መዳጉል (ጥሪት ዝድቅሳሉ)፡ ተኣኻኺብና ዓረም (ብተያ ዝሞታ ሓራስ ላም) ዘላቶ ዓረሙ ይሓልብ፡ ዳርዮ ጤል (ከይተሓለበት ዝወፈረት ጤል) ዘላቶ ጤሉ ሓሊቡ ጸባ ከየፍላሕና ብመላግዕ (ጉዕ ዓየ፡ ዕንጉለ፡ መላግዕ ዝብሃል ቆጽሊ፡ ወዘተ.) ተጠቒምና ጸባ ብምርጋእ፡ ጠዓሞትና ፈትፊትና ክንበልዕ ከለና፡ ሕጂ ኩይኑ ተሰምዓኒ። ኣነ ካብ ጉስነት ዝተፈለ'ኹላ መዓልቲ ክመሃር ኢለ ኣይኮንኩን። ኣገጣሚ ኩይኑ ንንውሕ ዝበለ ኣዋርሕ ሓንቲ ካብይ ከም ዝመጸት ዘይፈለጥክዋ ሰዓል ሓሚመ፡ ስድራይ ናብ ብዙሕ ማይ ጸሎት ወሲዶሙኒ ክሓዊ ብዘይ ምኽኣለይን፡ ብተወሳኺ ኩሉ መላግቦታት ኣካላተይ ቃንዛ ይገብረለይ ስለዝነበረ'ዩ። እዚ ሕማም ብፍላይ ኣብቶም መዛኑ ዝኾንና ብቐጻሊ ይርአ ነይሩ'ዩ። ብፍላይ ኣብ ሓደ እዋን ብብዝሒ ካብ ጥሪትና ዓይነት ኮይንወን እተን መላኣት ዝነበራ ኣብ ዘይእዋነን መሊደን (ኣቖሊዐን) ድሕሪኡ መብዛሕትና እቶም ጓሶት ብሰንባደ ኩሉ ኣብራ'ኽና ቅይድ ዝብል ሕማም ሓሚምና ኣብ ገዛ ክንውዕል እዝከረኒ። ኣብቲ እዋን ሕማም ጋኔን እናተባህለ'ዩ ዝጽዋዕ ነይሩ። ኣብዚ እዋን ብ'ኽኢላታት ጥዕና እንስሳ፡ ብተደጋጋሚ ሕማም ብሩሴላ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ክኸውን ይኽእል'ዩ ዝብል ግምት ኣሎኒ። ቅድሚ ናጽነት ብምንባሩ፡ ኣሸንኳይዶ ክታበት እንስሳ፡ ክታበት ሰብ'ውን፡ ኣብ ከባቢና ኣይነበረን። ብፈውሰይ-ፈውሲ ዓሻ፡ ብዘይ ዝኾነ ክታበት ኢና ዓቢና። ምናልባት ኣብ ዓድና ዘለዉ ሓድሓደ ናይ ተፈጥሮ ስንኩላን ሓደ ጠንቂ እቲ ጸባ ከየፍላሕካ ምስታይ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ሕማማት ዓባይ ሰዓል፡ ምቁጣዕ (ብሩሴላ)፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ብዘይፈልሐ ጸባ ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማት'ዮም። ሰኣን ጸባ ኣፍሊሕካ ምስታይ ኣደዳ ሕማም ዝኾኑ ሰብ ከም ዘሎ ሕጂ ክሰወጠኒ ጀሚሩ። ኣብ ገዛ ንደቀይ ጸባ ከየፍላሕካ ክስተ ከም ዘይብሉ ብቐጻሊ እየ ዝምዕዶም። ስለዚ ጸባ ከየፍላሕካ ምርጋእ ሽግር ከም ዘለዎ ዋላ ህጻናት ክመሃርዎ ኣለዎም ዝብል ሓሳብ ኣሎኒ። ብፍላይ ኣብ ዓድታት ጸባ ፈሊሑ ረጊኡ ጠስሚ ይህብ ምኻኑ ዘሎ ኣፍልጦ ውሑድ'ዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ጸባ ብቐጥታ ረጊኡ፡ ተሓቝኑ ጠስሚ (ልኻይ) ፈሊ'ኻ፡ ብራሕ ሰብ ዝሰትዮ። እዚ'ውን ውሑስ ኣይኮነን ዝብል ርድኢት ስለዘሎኒ፡ ክኢላታት ብዝያዳ ኣስፊሖም ክጉስጉስሉ እላቦ። ኣንቱም ሰባት ጸባ ኢለ'ባ፡ ጸባ ናፊቐዩ። ብፍላይ ጸባ ቀውዕን ሓጋይን መቐረቱ ኣዝዩ እዩ ጥዑም። ኣብ ግዜ ክረምቲ ግን እንስሳታት ልሙዕ ሳዕርን ቆጽለ-መጽልን ጥራይ እናበልዓ ጸብአን ኣዝዩ ቀጢን ይኸውን። ከምኡ'ውን ጠስሚ ናይ ክረምቲ ልምሉም'ዩ። ስለዚ ጥሪት ዝህብኦ ጸባ ምስ'ቲ ዝበልዕኦ ብቐጥታ እዩ ዝተኣሳሰር ይብሉ ጓሶት ዓድና። ክኢላታት ጸባ እንታይ ይብሉ ኣይፈለጥኩን። ንምንታይ ኣብ ጸባ ጸኒሕካ ናብ መግቢ ትመልሰናዶ ኢልኩም። ቀደም ኣብ ደንበና ክልተ በትሪ ኣሓ (ሓደ በትሪ ክሳዕ 100 ላም ይህልውኦ) ነይረናና። ኣብ ግዜ ክረምቲ ካብ ሓንቲ ላም እንተ ወሓደ ክልተ ሊትሮ ጸባ ንሓልብ ኔርና። ስለዚ ኣብ ክረምቲ 30 ሕሉብ እንተ ከሪመናና 60 ሊትሮ ንመዓልቲ ጸባ ንሓልብ ማለት'ዩ። እንተኾነ ግን ነዘን ከብቲ ዝኸውን እኹል መግቢ ንምርካብ፡ ብፍላይ ኣብ ግዜ ሓጋይ ካብ ገዛና ተሰዲድና ኢና ነሕልፍ ኔርና። ወቕቲ ጽድያ (ኣየት) ክጅምር ከሎ፡ ዓቢረን ብጭራ እናደገፍና ከነተስእአን ከለና ሕጂ ይዝከረኒ። ከምዚ ክሳዕ ሕጂ፡ ብፍላይ ኣብ ገለ ክፋል ዞባ ጋሽ ባርካ ከምዘሎ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ሰድራ ክበጽሕ ምስ ከድኩ ክግንዘብ ክኢለ ኣለኹ። ቀደም ዘመን ጸባ ምሻጥ ነውሪ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ሰንበት ጸባን ውጽኢት ጸባን ንኻልኦት ጸባ ዘይብሎም ስድራቤታት'ዩ ዝወሃብ ነይሩ። እንተ ሎሚ ግዜ ተቐይሩ፡ ካብ ሓንቲ ላም ካብ 15-30 ሊትሮ ንመዓልቲ፡ እሞ ኮለል ከይበልካ ኣብታ ዘላትካ ግራት ንእሽተይ ተወሳኺ ልሙዕ መግቢ ብምፍራይ ብዘይ ብዙሕ ሃልኪ ካብ 2 - 4 ከብቲ፡ ነቲ ካብ 30 ከብቲ ክርከብ ከም ዝኽእል ኣብነታውያን ሓረስቶት ብግብሪ የርእዩና ኣለዉ። ግን ኣብዚ ሕጂ እዋን ጸባ ኣብ ዕዳጋታት፡ ብፍላይ ጽሬቶም ዘይተሓለዉ መሳርሒታት ብምጥቃም ብትሕቲ ዕድመ ቀልዑ ፈቖዶ ከተማታት ኮለል ክብሉ ክትርኢ ከለኻ፡ እዋይ ግዜ! ምባል ጥራይ ዝኣክል ኣይኮነን። ስለዚ ብሰንኪ ጸባ ብግቡእ ዘይምፍላሕ ባዕልና ኣደዳ ሕማም ኩይንና -- ብኻዶ!

ባህልቢ ጎይትኦም

## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

# ካውሎ ምስ እንቋቑሖ

ብኣስመረት ዳምር

### ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

1ኪሎ ካውሎ ብደቂቕ ዝተመትረ
2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ካሮት ብደቂቕ ዝተመትረ
1 ዓቢ ሽጉርቲ ብደቂቕ ዝተመትረ
3 ኮመደረ ብደቂቕ ዝተመትረ
2 ጉዕ በርበረ (1 ቀይሕ፡ 1 ቀጠልያ) ብደቂቕ ዝተመትረ (ከም ኣድላይነቱ)
3 ማንካ ጣውላ ዘይቲ ብልዒ
6 እንቋቑሖ
1 ጉደሎ ማንካ ጣውላ ጻዕዳ ሽጉርቲ

### ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ



ነቲ ዘዳለናዮ ሽጉርቲ፡ ካሮቲ፡ ዘይቲ፡ ሽጉርቲ ጻዕዳ፡ ሓዋዊስና ንስ'ኽትቶ። ቁሩብ ርህጽ ምስ በለ፡ ኮመደረን ጉዕን ነእትወሉ። ኣብ ኣጋ ምብሳሉ፡ ነቲ እንቋቑሖ ወቒዕና ነእትወሉ። ልክዕ ከም ፍሪታታ፡ ኩሉ ምስ ተሓዋወሰ፡ ጨው ኣእቲና፡ ኣወሃሂድና ነውርዶ። ኣብ ብያቲ ገልቢጥና፡ ልክዕ ከም ፍሪታታ ብቅጫ ወይ ባኒ ኣሰኒና ንምገቦ። እዚ መግቢ፡ ከም ቁርሲ ንሸዱሸተ (06) ሰባት ክምግበልና ይኽእል።




**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!**

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቃምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ዝሓሸ ደኣ እንታይ'ዩ፧

ደዋሊ፥ ሄሎው። ምኽሪ ዝህብ ኣገልግሎት እንድዩ ሓቀይ፧

ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ ኣለኻ። ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ። መን ክብል፧ ካበይ ትድውል ትህሉ፧

ደዋሊ፥ ሰመረ እብሃል። ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ፧

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ሰመረ፡ እንታይ ክሕግዘካ፧

ደዋሊ፥ ጽቡቕ፡ ኣብ ስደራና፡ ብዛዕባ ኲነታት ንእሽቶ ሓፍተይ ምርድዳእ ስኢንና። እቲ ኲነታት ሓፍተይ ናይ ኣእምሮ ጸገም'ዩ። ብዛዕባ ሕማማ ኲልና ሓደ ዓይነት መረዳእታ የብልናን። ገለና 'ኮነ ኢላ'ያ፡' ገለና 'ኢደ ሰብ'ዩ ሒዙዋ፡' ገለና ድማ 'ስርሓ እና'ማልአት ከመይ ኢላ ሕምምቲ ክንብላ ንኽእል፡' ብዝብል ሓሳባት፡ ኣይ ንሳ ተሓኪማ ኣይ ንሕና ቀሲንና። ብሰንኩ ድማ ኲነታታ ከይተፈትሐ እናበኣሰ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፍአ ይኸይድ ኣሎ።

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባ ኲነታት ሓፍትኻ ኣስፍሕ ኣቢልካዶ ክትገልጸለይ፧

ደዋሊ፥ ሓፍተይ ሕሳስ ልደት ገዛና'ያ። ቅድሚ ዓሰርተ ዓመታት ኣቢሉ ይኸውን ክትምርያ ብዝብል ምኽንያት፡ ካብ ሃገር ወጺኣ ነይራ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግና ዘይከምቲ ዝሓሰብናዮ ሓዳር ኣይሰለጣን። በዚ ኲነታት ዝተበገሰ ጭንቀት ህይወታ ክትመርሕ ስለ ዘይከኣለት፡ ንዓዳ ተመሊሳ። እቲ ጸገማ ኢደ ሰብ'ዩ ዝብል መረዳእታ ነይሩ። ብሰንኩ፡ ኣቦይ "ሕክምና ኣየድልያን'ዩ፡" ስለ ዝበለ፡ ኣብ እዋኑ ክትሕከም ዕድል ኣይረኸበትን። በዚኣ ኣላ ፈውሲ ናብ ዝበሉዎ ዝተፈላለየ ባህላዊ ፍወሳ፡ ማይ ጸሎትን ወሲዱዋ። ኣብ ርእሲኡ ይፈልጡ'ዮም ናብ ዝተባህሉ ጠንቋሎ ከይተረፈ'ውን ኣይሓደገን። ኲሉ ፈቲኑ ምስ ደኸመ ድማ ሕጂስ ደኺመ እዞም ደቀይ ሕክምና ፈትኑ ኢሉ ኣፍቒዱልና። ኣይትሙተኒ፡ ብድሕሪኡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት እዝጊሄር ወሲዱዎ። ብድሕሪኡ ድማ ሕክምና ወሲድናያ። ዘድሊ መርመራ ድሕሪ ምግባር መድሃኒት ተኣዚዙዋ እናተኸታተልና ጽቡቕ ለውጢ ገይራ፣ ንገለ ዓመታት ኣዕሪፍና። ከምዚ ኢልና እናኸድና፡ ሓደ መዓልቲ ምስ ሓንቲ መማህርታ ዝነበረት ኣጋጣሚ ተራኺበን እናዕለላ እንክለዋ ብዛዕባ ኲነታታ ተዕልላ'ሞ፡ ኲነታት ብግቡእ ስለ ዘይትፈልጥ፡ "መድሃኒት ከይለምደኪ፡ ብዘይቡኡ ዘይትንቀሳቐሲ ከይትኾኒ ኣቋርጽዮ፡" ኢላታ። እዛ ዘረባ ስለ ዘየቕሰነታ፡ ክትደጋጋማ ጀሚራ። ገለ ካብ ኣሕዋተይ'ውን ተመሳሳሊ መረዳእታ ስለ ዝጸንሖም ሕክምናኣ ብግቡእ ንኽትከታተል ኣይሓገዙዋን። ንሳ ድማ ነዚ እና'መኽነየት ምክትታል ኣቋሪጻ። ኲነታታ ድማ እናኸፍአ መጺኡ፡ ምስ ሰባት ምርድዳእ ስኢና፣ ሰባት ይከታተሉኒ ኣለው፡ ሕማቕ ይሓስቡለይ ኣለው፡ ፈዊሶናኒ፡ ብዘይካ ባዕላ ዝሰርሓቶ መግቢ ካልእ ሰብ ዝሰሓላ ኣይትበልዕን። ንዝኾነ ብዓይኒ ጥርጣረ ስለ እትርእዮ ትኣምኖ ሰብ ድማ የብላን።

ድቃስ ዘይብላ ተሪፉ፡ ከምዚ ሰብ ዘለዋ ድማ በይና ተጉረምርም፡ ሓንቲ ጽቡቕ ትገብራ ግና ስርሓ ብዙሕ ምስ ተገልገልቲ ዘየራኽብ በይና ትሰርሖ'ዩ። ገንዘባ ዋላ ሻሂ ስለ ዘይትሰትየሉ፡ ኲለን ደሞዛ ከየጉደለት ናብ ገዛ'ያ ሒዛቶ ትመጽእ። ሕጂ ግና "ሕክምና ንውሰዳ ይብርትዓ ኣሎ፡" እንተ በልኩ፡ "እንታይ ጐዲሉዋ ሰሪሓ ናብራኣ ትገብር ኣላ፣ ሕክምና መርፍእ ክወግኡዋ'ዮም። ሕማማ ድማ መርፍእ ኣይፈቱን'ዩ፡" እንበሉ፡ ኣብዮሙኒ። ኲነታታ ስለ ዘየቕሰነኒ እንታይ ክገበር ከም ዘሎኒ ሓገዝ ደልየ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ስድራቤትኩም፡ ተርእዮ ዘላ ባህርያት ደኣ ብኸመይ ይርድኡዎ ማለት'ዩ፧

ደዋሊ፥ ንሳ ትሰርሖ ስራሕ፡ ካልእ ሰብ ክሕዘላ ዘይትደልይ፡ ኣዝዩ ጽፉፍ ስለ ዝነበረ፡ ካብ ገዛና ዝበልሐት ስለ ዝነበረት፡ ንኹነታት ዝኣምኖ የለን።

ኣማኻሪ፥ ዝነበረ ባህርያታ፡ ንህሉው ኲነታታ ዘይገልጽ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ዝኾነ ዓይነት ሕማም ኣእምሮ ድማ ብልሒ ኣእምሮ የጉድል'ዩ ማለት ኣይኮነን። ዝኾነ ሰብ ምስ ዘሎዎ ጉድለት ዝሳነ ስራሕን ኣተሓሕዛን እንተ ረኺቡ፡ ጸገሙ ብዙሕ ከይተቓልዐ ኣድማዒ ኮይኑ ክነብር ይኽእል'ዩ። ምናልባት ሓፍትኻ በይና ትሰርሓሉ ብዙሕ ምስ ሰባት ዘየራኽብን ዕድል ስራሕ ስለ ዘሎዋ ጉድለታታ ጐሊሑ ንኸይርአ ሓጊዙዋ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ይኹን'ምበር ኲነታታ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮ'ዩ።

ደዋሊ፥ ኲሊፈካ ከይከውን ደኣ'ምበር፡ ሓንቲ ተደናግረና ኲነታት ከኣ ኣላ። ሓንሳእ መርፍእ ወሲዳ ምስ ተሓከመት፡ ዝያዳ ሸዱሸተ ወርሒ ዝኸውን፡ ከምዛ ዝኾነ ጸገም ዘይብላ ኮይና ጸኒሓ። በዚ ምኽንያት ድማ ንምሕካማ ክኣምኑዎ ኣጠራጢሩዎም'ዩ።

ኣማኻሪ፥ ዓውዲ ጥዕና ኣእምሮ ከም ዝኾነ ካልእ ሕክምና ርእሱ ዝኸኣለ ፍሉይ ኣገልግሎት ጥዕና ዝህብ ዓውዲ'ዩ። ከምቲ ሕማማት ኣእምሮ ዝፈላለዩ ኣገባብ ፍወሳኦም መድሃኒቶም ድማ ዝተፈላለየ'ዩ። እምበኣር ብመንገዲ እዚ ሕክምና ዝእዘዙ መድሃኒታት፡ ዝተፈላለዩን ዝተፈላለየ ጐድናዊ ሳዕቤን ክህሉዎም ግድን'ዩ። እዚ ድማ ልክዕ ከምቶም ንኻልእ ዓይነት ሕማማት ዝእዘዙ መድሃኒታት፡ ንሕማም ኣእምሮ ዝእዘዙ መድሃኒታት ድማ ጥቕሞም ዝዓቢ እንተ ኮይኑ ደኣ'ምበር ካብ ጐድናዊ ሳዕቤን ነጻ ዝኾነ መድሃኒት ከም ዘየለ ክፍለጥ ኣሎዎ። እዚ ማለት ግና ዝኾነ ዓይነት ጐድናዊ ሳዕቤን መድሃኒት ኣብ ዝኾነ ሰብ ግድን ይርአ'ዩ ማለት ኣይኮነን። እቲ ሓቂ እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ዝኾነ ዝተዓዘብናዮን ዝሰማዕናዮን ጸገማት ጥዕና ምስ ዝምልከቶም ሰብ ሞያ ደኣ'ምበር ንዘይተረጋገጸ ወረ ከነሳስይ ቅኑዕ ኣይኮነን። ሕዱራት ሕማማት ምሉእ ብምሉእ ኣይሓውዩን'ዮም። ስለዚ፡ ሳዕቤናት ሕማማት ንምክልኻልን ዓይነት ህይወት ንምምሕያሽን ደኣ'ምበር እቶም መድሃኒታት ልምዲ ዘትሕዙ ስለዝኾኑ ዘይምኳኖም ምፍላጥ የድሊ።

ከም ዝፍለጥ ድማ ገለ መድሃኒታት ንሓጺር ግዜ ገለ ድማ ካብ ኣካላትና እናተመጽዩ ቀስ ኢሎም ንነዊሕ እዋናት ዘገልግሉ'ዮም። እዚ ስለዝኾነ ድማ ሕማመይ ሓንሳብ ተዓጊሱለይ'ዩ ኢልካ ብኢደ ዋኒንካ መድሃኒት ምቍራጽ ነቲ ሕማም ዘብእሱን ዝሓላልኹን ምኳንኖም ምፍላጥ የድሊ። ብኻልእ ወገን ሕማማት ኣእምሮ በቲ ዘለዎም ባህሪ፡ ገለኦም ብቐሊሉ ዝሓውዩ ገለኦም ድማ ቀጻሊ እናተኻናኸንካዮም ክትጓዓዝ የድሊ። እምበኣር፡ ጸገም ሓፍትኻ ብሓካይም ተረጋጊጹ ስለዝኾነ ብግቡእ ምክትታል ጥራይ'ዩ ጾርኩም ከቃልል ዝኽእል። ምኽንያቱ፡ ዕላማ ፍወሳ ሕማም ኣእምሮ፡ ብቐዓት ግዳያት ምሕያልን ዓይነት ህይወት ምምሕያሽ'ዩ።

ብተወሳኺ ንጹር ጠንቂ ሕማም ኣእምሮ ፍሉጥ ከም ዘይኮነ ምፍላጥ የድሊ። ድምር ናይ ኣእምሮኣዊ ጠንቂ፥ ንኹነተ ኣተሓሳስባ፡ ኣመለኻኽታ፡ ተራ ድሕረ ባይታ ጽልዋኡ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ይገልጽ፣ ማሕበራዊ ጠንቂ፥ ንኸባብያዊ ጽልዋ ኣብ ብቐዓት ኣእምሮ ዝጸልጽ'ዩ፣ ስነ ህይወታዊ ጠንቂ፥ ድማ ንጽልዋ ስነ-ሰረትን ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ዝገልጽ ኩነት'ዩ። ኣፈዋውሳኡ ድማ ንኹሎም እዞም ተኽሎታት ኣብ ግምት ዘእተወ ምስ ዝኸውን ውጽኢታዊ ይኸውን። ንኣብነት፡ ኣብ መድሃኒት ግጉይ መረዳእታ እንተ'ሎና ንኣተሓሳስባን ኣመለኻኽታናን ስለ ዝድርኽ፡ መድሃኒት ብግቡእ ንኸይውሰድ ክድርኽ ይኽእል። ስለዚ፡ ኣብ ሕማም ኣእምሮን ኣተኣላልያኡን ኣፍልጦና ብምብራኽ፡ ናይ ሓባር መረዳእታ ከነዕብይ እንተኺልና ጥራይ ኢና ነቲ ዝተሸገረ ሰብ ብግቡእ ክንሕግዝ ንኽእል። ኣፍልጦና እንተ ዘይዓብዩ ድማ ኣለይትን ተኣለይትን ብብድሆታትን ጾርን ናይቲ ሕማማ ክንጽሎ ይድርኽ ማለት'ዩ።

ደዋሊ፥ ኣይ ጸገምና ደኣ እዚ እንድዩ። ብዘይካ እዛ ዝብለካ ሓፍተይ እንተ ዘይኮይኑ ኲልና ኣሕዋት ሓላዳርና ኣሎና። ኣደይ ድማ ዕድመ ደፊኣ ስለ ዘላ፡ ምስዛ ሓፍተይ ብግቡእ ክረዳድኣ ኣይክላን ዘለዋ። ኲሉ ግዜ ሰላም የብለንን፡ ተባኢሰን ምርድዳእ ሲነን እናተባህለ ድማ ሓዳርና ገዲፍና ኲለል ክንብል ተሸጊርና ኣለና።

ኣማኻሪ፥ ኣቐድም ኣቢልካ ከም ዝገለጽካለይ፡ ብዙሕ ብስነ ፍልጠት ዘይተረጋገጸ ብሂላትን እምነትን ንኣተሓሳስባኹምን ናብራኹምን ጸልዩዎ ኣሎ። እዞም ከምዚ ዓይነት ብሂላት ድማ ዝኾነ መረጋገጺ ስለ ዘይብሎም ዝፈጥሩዎ ምድንጋር ይዓቢ። ሳዕቤኑ ድማ ሰባት ብግቡእ ንኸይእለዩ ገንዘብን ግዜን ካልእ ጸጋታትን ዘባኽኑ ስለ ዝኾኑ፡ ምስኦም ዕንክሊል ምባል ፋይዳ ኣይርከቦን'ዩ። እምበኣር ነዚ ወሪድኩም ዘሎ ጸገም፡ ኣፍልጦኹም ብምብራኽ እንታይ እንተ ገበርና'ዩ ዝሓይሽ ተባሂልካ ምልዛብ'ዩ ዘድሊ። እንተ ዘይኮይኑ ሳዕቤናቱ ክገድፈኩም ስለ ዘይክእል ኣብ ዕንክሊል ግዜኹም ከይባኽን ደጊምካ ምሕሳብ የድሊ።

ደዋሊ፥ ክንደይ ዓመት ድዩ ኮይኑ ዘሎ፡ ኩልና ተለኻኺምና።

ኣማኻሪ፥ መጀመርያ፡ ንቕሓት ሽግር ስለ ዘቃልል፡ ኣብ ሕማም ኣእምሮ ዘሎና መረዳእታ ምዕባይ ኣገዳሲ'ዩ። ስለዚ እዚ ዝተዛራረብናሉ ንስድራኻ እንተ ገሊጽካሎም ዝሓሸ መረዳእታ ንኽህሉዎም ሓጋዚ'ዩ። ብዙሓት ምስ ጉድለት ጥዕና ኣእምሮ ዘለው ሰባት ሕማም ኣሎና ዝብል መረዳታ ስለ ዘይብሎም፣ ሓፍትኻ ሕማም ኣሎኒ ኢላ ሓገዝ ክትሓትት ዘለዋ ተኽእሎ ጸቢብ'ዩ። እቶም ኣብ ምእላያ ተራ ዘለኩም ሰባት ጸገማ ተገንዚብኩም ሓገዝ ናብ ትረኽበሉን ንስኹም'ውን እኹል ሓበሬታ ብዛዕባ ጥዕና እእምሮ ናብ ትረኽብሉ ኣገልግሎት ጥዕና ክትከዱ'ዩ ዝምረጽ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ሳዕቤን ዘምእላይ ከቢድን ንኹልኹም ዝጸሉ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ንኹሉኹም ካብ ተጽዕኖ ዘናግፍ ውሳኔ ምውሳን'ዩ ዝሓይሽ።

ደዋሊ፥ እምነት እንድዩ ጸጊሙና ዘሎ፡ ኣነ ዝከኣለኒ ክገልጸሎም ክፍትን'የ። ምኽንያቱ፡ ናብራና ክንገብር ከማን ኣይከኣልናን በጃኻ።

ኣማኻሪ፥ ጸገም ብዘሎካ ዓቕሚ እንተ ኣለኻዮ'ዩ ዝሓይሽ። ስለ ዘይደለኻዮ ጥራይ ክርሕቀልካ ኣይከኣልን'ዩ። ስለዚ ዘሎኩም ዕድል ብዙሕ'ዩ። ነጻን ኣብ ቀረባኹምን ኣገልግሎት ጥዕና ስለ ዘሎ፡ ኣቃሊልካ ክርኣ ኣይግባእን። ብሓሳብ ምፍልላይኩም ጸገም ኣይመስለንን፡ ጸገምና ብኸመይ ይቃለል ዝብል ሓባራዊ መረዳእታ ስለ ዘይብልኩም'ዩ። እቲ ጸገም፡ ዝሓይሽ እንታይ'ዩ ብምባል'ዩ መፍትሒ ዝርከቦ።

ደዋሊ፥ ሒዘካ፡ ዝከኣለኒ ክጽዕር'የ፡ የቐንየለይ።

ኣማኻሪ፥ ገንዘብካ፡ ይሓግዘኩም።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ -ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣይመን ጣሂር ሓምዱ ምባል ተሪፉ፡ ኢስድሮስ ጣሀር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ጽገሮማን ተኽስተ ኣርኣያ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሰዩም ኣማረ መጻኢ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተማሲራቶልኪ ስለዘሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቁ.41 6ይ መጋባእያ ባዕልኺ ወይ ብሕጋዊ ወኪልኪ ቅረቢ። እንተዘይ ቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጢ።

ቅዱሳን ወልደጊዮርጊስ ናይዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ወልዱ በላይ ክፍለ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ን4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/26 ኣብ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ ተወልደብርሃን ዘርኡ ወልደማርያም፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጺጋይ ገብረእግዚኣብሄር ዘወልዱ፡ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ኣለም ኣስፍሃ ገብረማስቀል፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣስመሮም ተስፋይ ተኸለይ 2. መርሃዊ ተስፋይ ተኸለይ 3. ኤሊሻን ተስፋይ ተኸለ፣ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን5/5/26 ኣብ 5ይ ቤ/ፍ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ።

ብፍ/በ/ማሰል ይሱሓቅ የማነ ገብረመድህን፡ ብፍ/በ/ዕዳ መንግስትኣብ ሕሩይ መንግስ፡ ናይ ፈጻሚ ምልክታ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን6/5/26 ኣብ 8ይ ቤ/ፍ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ።

ጉኑት ኣበበ ተሰሞ፡ ኣደይ ለምለም ሃይለ ማሻሻ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 5/5/26 ኣብ 10 መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክሲ ተኸልኣብ ገብረማርያም ዓንደሚካኤል፡ 1.ተኸስስቲ ተስፋዝጊ ገብረማርያም ዓንደሚካኤል ወረስቲ ነ/ፍ ገብረሂወት ገብረማርያም ገብረማስቀል፣ ንሲቪላዊ ጉዳይ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን15/5/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ኤልሳ ዑቕባት ዓንደብርሃን ወረስቲ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ብርሃ ሰዩም ሰለሙን፡ 1.ሚካል ብርሃ ሰዩም 2.ማርያም ብርሃ ሰዩም፡ 3.ሳሮና ብርሃ ሰዩም፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተማሲራቶልኩም ስለዘሎ፡ ን30/4/26 ኣብ ቁ.39 5ይ መጋባእያ ባዕልኹም ወይ ብሕጋዊ ወኪልኩም ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ኣመልካቲ ደብረሰላም ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ ኳዕዳድ፡ ነ/ፍ ዛይድ ዳዊት ተወልደ ብስማ ዝተመርሓላ ብቁ. መለለዩ መሬት 014D ፕሎት 11 ፓርስል "D" ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ነፋሒ - ዓዲ ኳዕዳድ ዝርከብ ኣብ 180ት/ሜ ዝተሰርሐ መንበሪ ገዛ ምስ ምሉእ ኣቕሑቱ ብውህብቶ ስለዝበደፈትልና፡ሰነዋ ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሙሴ ሃብተም ገብረማስቀል፡ ተጸዋዒ ሃብቶም ገብረማስቀል፡ ንኣሰታት 17 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ክእወጀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረት ሃብተ ወልዱ፡ ኣደይ ሓዳስ ገብርሂወት ወሬታ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፍጹም ሰመረ ካሕሳይ፡ ኣቶ ገብረብርሃን ሰመረ ካሕሳይ፡ ወኪል ፍጹም ሰመረ ካሕሳይ፡ ካብ ሓብትና ልችያ ሰመረ ካሕሳይ ብ24/12/24 ብቁ. መዝገብ 0912024 ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪብና ብህያብ ዝሃበትና ወሃቦ ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወልዱ በረኸት ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ወልዱ በረኸትኣብ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮግኣት በረኸትኣብ ተስፋይ፡ ስም ኣደይ ሕርይቲ ሃይለ ተስፋዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ዑቕባ ግርማ ገብርሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ርበል ተስፋይ ገብረትንሳኤ ምባል ተሪፉ፡ ሳሚኤል ተስፋይ ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉተሰስ ተስፋይ ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሳምራዊት ተስፉ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/26 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ዓሊ ኣበበክር መሓመድጣሀር ምባል ተሪፉ ዓሊ ኣበበክር ዓሉ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በረኸት መሓሪ ወልደገብሪል ምባል ተሪፉ፡ በረኸት ኩብሮም ጎጆ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኲላ

ደሊና ገብርሂወት ዛይድ ምባል ተሪፉ፡ ኑብያት ገብርሂወት ዛይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ሓድጉ ተወልደ ገብረማርያም +1፡ ኣቦና ተወልደ ገብረማርያም መሸሻን ኣዴና ዛፉ የሕደጎ ገብረዝጊን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ሐሴን ዓብዱራሕማን፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7፡ ምም/ 01 (ምም/ን/ዞባ ማእከልከተማ) ጎደና ኣብርሃ ኣጽብሃ ቁ/ገዛ 18 ቁጽሪ ሎት 18ቁ/ፓርቸላ C ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 109178 መወከሲ ቁጽሪ 121194 ብስም ኣቡላኻና ነ/ፍ ዓጣ ሓሰን ዓብደልቃድር ተመዝጊቡ ዋንኡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣብ ክንዲ ወላዲና ዓብዱራሕማን ዓጣ ሓሰን ተኪእና ብውርሲን ምቅሊትን ዝረኸብናዮ ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ክተሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ኣዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቀረበ ግን ሰዓቱይ ሒዘ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ሐሴን ዓብዱራሕማን


## ቤት መግቢ ፒራሚድ



ይበላዕ እናበለ

ብዋናን ሼፍን ሬስቶራንት ካብ ዝዳሎ

- ዝመረጽኩሞ ሓሙሽተ ዓይነት መግቢ ዘለዎ መኣዲ ቁርሲ ሓደ ተመጋባይ ደጋጊሙ ዝምገቦ ብርትዓዊ ዋጋ
- ዝመረጽኩሞ ሓሙሽተ ዓይነት መግቢ ዘለዎ መኣዲ ምሳሕ ወይ ድራር ሓደ ተመጋባይ ደጋጊሙ ዝምገቦ ብኣዝዩ ርትዓዊ ዋጋ
- ካብ ሰሉስ ዕለት 21-04-26 ጀሚሩ ንቐደም በሉ ይብለኩም ኣሎ።

ጣዕምን መቐረትን መግብና መጺእኩም ተላለይዎ ተዓዘብዎ ካብ ሼፍ ፍስሃየ ጸጋይ

ኣድራሻና፡ጎኒ ኮርፖሬሽን ቀይሕ-ባሕሪ (09)
ቴለ፡ 07129418

ብደሓን ምጹ


### ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ኣየር ኮንዲሽነን ፍሪጅን
ኣሃዱ፦ ሆስፒታል ባጽዕ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ጽገና
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሆስፒታል ባጽዕ ንዓመት 2026 ዓ.ም ካብ 05/2026 ዓ.ም ኣብ ሆስፒታል ባጽዕ ዝርከብ ኣየር ኮንደሽነን ፍሪጅን ንኸጽግን ከምፒርት ስለ ዝደለና፡ ንሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ጽገና ንዕድም። (ቅጥዒ መጫረትን ሓበሬታን ካብ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሆስፒታል ባጽዕ ይወስዱ።)

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ኣገልግሎት ጽገና ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ መንነት ወረቐትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዩ ካብ ቤ/ ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሆስፒታል ባጽዕ ሃብታይ ርእሶም ቁ:ተሌ 07260213 ናይ ጨረታ ሰዓትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ግዱሳት ተወዳደርቲ፡ ጨረታ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘሎ መዓልታት ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ መምልኢ ቅጥዒ (Proforma) ክትወስዱ ከም እትኽእሉ ንሕብር።
7. ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት፡ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ድሕሪ ዓሰርተ መዓልቲ ኮይኑ ልክዕ ሰዓት 11:00 ቅ.ቀ ክሉኹም ተጫረትቲ ሰነዳትኩምን መወዳደሪ ቅጥዒን ሒዝኩም ክትቀርቡ ንሕብር።
8. ጨረታ፡ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ልክዕ ሰዓት 11፡15 ኣብ ቤ/ጽ/ምም/ ፋይናንስ ሆ/ባጽዕ ብዋልዲ ይኽፈት። ደንገዩ ዝመጽእ ተጫረቲ ይንጸግ።
9. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
10. ተጫረቲ ኮይ ዝተዓወተሉ ኣገልግሎት ጽገና፡ ንሓደ ዓመት ብናቱ መጕዓዝያ ይመላለስ። ሆስፒታል ባጽዕ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሆስፒታል ባጽዕ
ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ቁ.ቴሌፎ. 07260213

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

3.Position: Electrician
Department: Processing and UG Operation
Section: Site Infrastructure
Number Required: One (01)
Place of Work: Bisha Site
Type of Contract: Indefinite

**PRIMARY PURPOSE**

- Maintains and repairs Electrical equipment, appliances, and Infrastructure in the mine. The Electrician will maintain or install Infrastructure for medium voltage 22kV up to 110Vac and some equipment for Solar power using 48 V dc. (Security lighting; solar lighting; kitchen; cooling plant; accommodation; Air conditioning units; borehole pumps; over-headlines; water treatment plants; sewerage plants; generator plants, lighting plants, and others).

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Conduct industrial electrical installation and connection, as we as troubleshooting.
- Conduct Inspection, Service, and maintenance of electrical system of Water treatment, Sewerage treatment, Kitchen Laundry equipment, and Gensets.
- Conduct Inspection a daily, weekly, monthly, biannual, and yearly.
- Conduct tests, repair, and maintain electrical equipment and appliances.
- Apply electrical specifications and electrical theory to determine job requirements.
- Perform fault-finding by inspecting circuit breakers, transformers, and other electrical components.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Makes use of “Planned Maintenance Schedule”. (Daily Work Sheets).

**Implementation of the Plan**

- Identify the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping and has it recorded.
- Execute plans of electrical wiring for well-functioning lighting, intercom, and other electrical systems.
- Ensures maintenance and repairs of ELECTRICAL work are carried out in an efficient and effective way in order to minimize downtime. (Circuit sketches, operation manuals, manufacturer’s instructions and engineering specifications, wiring layouts). Troubleshooting malfunctions.
- Performs regular inspections in order to detect potential problems before they happen.
- Controls downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of appropriate PPE. Report any safety issues/ incidents.
- Comply with mine’s cardinal rules and other safety, environmental, or other rules and standards as per company policies. Identifies any hazards in the workplace and records.
- Assist with parts and supply stocks by carrying out regular stock takes, and ordering replacements as required.
- Strip, repair, or replace worn components, assemble and commission machines.
- Install, replace, and repair lighting fixtures and electrical control and distribution equipment (switches, relays, and circuit breakers).
- Ensure good quality workmanship that upholds company standards, complies with building codes, and follows safety requirements as well as perform quarterly electrical appliance inspections.
- Ensure maintenance and repair of electrical work and carried out all light plants and generators maintenance.
- Provide preliminary sketches and cost estimates for materials and services
- Diagnose and repair electrical problems in commercial and domestic electrical systems, including fault-finding, rewiring, and monitoring, and also be knowledgeable on changeover switch from OHL to generator and pull-out links at H-poles.
- Perform physically demanding tasks, such as digging trenches, laying conduits and moving and lifting heavy objects, working at heights, such as ladders, scaffolds, and roofs. Maintain and repair electrical wiring, kitchen and GYM equipment, as well as fixtures and others as required.
- Install and repair borehole pumps, water treatment plant pumps, and sewage treatment plant pumps.

**Reporting**

- Compile daily progress reports for the department.
- Close out all work orders and submit them to the superiors.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate employment age 45 years maximum
- Candidate must be physically and medically fit
- Candidate must be electrically Qualified and able to work with Medium Voltage from 22kV up to 110Vac 3phase and single-phase. Must be able to work outside exposed to Heat, wind, and dusty environments
- Must be able to work at Heights
- Must have an Eritrean Driver’s License Minimum Grade 2.

| Qualification | Knowledge and Experience |
|---|---|
| Diploma in Electrical Engineering | 3 - 5 years relevant experience |
| Technical College - Electrical Diploma | |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>Identify electrical problems with a variety of testing devices.<br>Attention to detail.<br>Analytical skill and Time Management<br>Electrical experience<br>Problem-solving skill<br>Supervisory experience<br>Good Communication Skills | Communication (English) and local language<br>Integrity<br>Prioritizing skills & multi-skilling<br>Ability to work towards strict deadlines.<br>High level of accuracy<br>Self-motivated<br>Good Interpersonal Relations<br>Assertiveness |

**N.B: - Only qualified candidates who fulfill the requirements of the role will be shortlisted and contacted for interview**

**General Information and other requirements:**

- **Salary: As per Company salary scale.**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ምምሕዳር ቃሓውታ ዚፕ ኮድ 1A719 ጎደና 713-8 ቁጽሪ 25 ፕሎት 57 ፓርሰል L ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ 2ተ ቀንዲ ክፍሊ 2 ተሓጋገዝቲ ዝተደኮነ መለለዩ ንብረት ASD00023142 ሕጂ ቁ. ንብረት 1BRASM014415/0 ብስም ወ/ሮ ኣስሊ ገብረማርያም ገብረመስቀል ዝተመዝገበ፡ ብመሸጣ ናብ ስም ዓዳኒ ክሲጋሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይ ኮይኑ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይ ክውዳእ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣስሊ ገብረማርያም

# ዛዕባ ሎሚ

## ዝኽሪ ዛዛሚ ኩናት
## ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ

ግርማይ ወልደግዮርጊስ
(መንከኒዮ)

(2ይ ክፋል)

መድረኽ 1990-1991 ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣውዳድባኡ ናብ ደረጃ ኮራት ዝበረኸሉ እዋን ነበረ። ኣብ ድሮ ዛዛሚ ኩናት ከኣ፡ ንክፍላተ-ሰራዊት 52/96 ዝሓዘ ኮር 381፡ ንክፍላተ-ሰራዊት 70/16 ዝሓዘ ኮር 491፡ ካብ ኮር 271 ድማ፡ ክፍለ-ሰራዊት 85 ካብ ግንባር ጊንዳዕ ተሳሒቡ፡ ኣብ ግንባር ደቀምሓረ ከም ዝሰለፍ ተገብረ። ክፍለ-ሰራዊትና ክፍለ ሰራዊት 88 ከኣ፡ ንክፍለ-ሰራዊት 85ን ካልኦትን ተኪኡ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዓረደ።

ኣብ እዋን ቃልሲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ሓራን ሓውሲ ሓራን መሬት 'ህዝባዊ ምልሻ' ተባሂሎም ዝጽውዑ ዕጡቓት ከምዝነበሩዎ ዝፍለጥ እዩ። ህዝባዊ ምልሻ ብደረጃ ዓድን ከባቢን ተወዲቡን ነቒሑን ዓጢቑን፡ ቡቲ ሓደ ማሕረሻ፡ ቡቲ ሓደ ድማ ብረት ተሓንጊጡ፡ ናብራኡ እናገበረ፡ ንጸላእን ከድዓት ደቂ ሃገርን ብቐረባ ዘቋምት፡ ሓበሬታ ንውድብ ህዝባዊ ግንባር ዝምግብ፡ ህዝቢ ንኽበሶብስ ዝመጸ ጸላኢ ድማ ብዓቕሙ ዝምክት ሓይሊ እዩ። ኣብቲ ዝቐጸለ መድረኽ ከኣ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ምልሻ ብደረጃ ዞባ ከም ዝጥርኑፉ ተገይሩ 'ዞባዊ-ሰራዊት' ዝብል መጸውዒ ተዋህቦ። ምስ ግዜ ድማ ዞባዊ ሰራዊት ምስተን ካልኦት ቀወምቲ ኣሃዱታት እናተጸንበረ ወይ ተኸሊጥ እናተገበረ ንክፍላተ-ሰራዊት 88/101/90 ኣቐመ። ኣሃዱና ክፍለሰራዊት 88 በዚ መስርሕ'ዚ ዝቖመት ኮይና፡ ምስ ሓንቲ ቦጠሎኒ ካብ ክፍለ ሰራዊት 70 (ሱበዓ) ዝተጸንበርኩዋ ሓዳስ ዝቖመት ክፍለ ሰራዊት እያ ነይራ።

ዳርጋ ዝበዝሐ ኣባል ናይዚ ክፍለ-ሰራዊት እዚ፡ ማለት ቀድም ምልሻ ደሓር ተጋዳላይ ዝኾኑ፡ ምስ ጥራትን ማሕረስን ኢድን ጓንትን ኮይኑ ስለዝዓበዩ፡ ኩርባታትን እምባታትን ገጾም ኣብራሆም ዝቕበሉዎ መናብርቶም'ዩ። ገለ ተዛረብቲ፡ "ኣሃዱ ጸባ ጸጉብ - ኣስላፉ ፋሰ ዘውዕል" እናበሉ ይጠቕሱዎ ነበሩ። ገለ ካብኦም ብ"ጸባ ጸጉብ" ዝገለጹ ኣበኖት ንምቕራብ፡ ኢቶም ኣብ ባጤራና ኖቕፋ፡ ኣብ ሓደ እምባ (ኩጀት) ባንዴራ እናተኸሉ ዝረኣዩ ኣባላት ናይዚ ክፍለ ሰራዊት እዮም። በራሁ ጉብረሂወት፡ ምሕረትኣብ ሚከኤል፡ ተመስገን ሃይለ፡ ብርሃ ርእሶም (ወዲ ራእሲ) ሰለሙን ጸጋይ፡ መሓሪ ተስፋንኪኤል ይብሃሉ። ስለዚ ነዚኦምን ካልኦትን ዝሓዘ ክፍለ-ሰራዊት 88፡ ንካልኦት ኣሃዱታት ተኪኡ እዩ ኣብ ሳልሳይ ርብዒ ናይ 1990 ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዝዓረደ።

ኑቲ ዝሓደረ ጸላም ቀንጢጡ ቅድሚኡ ዝነበረ ዕለት ቀይሩ፡ መሰስ ዝበለት ጸሓይ ንምሀ፡ ኑቶም ናብ በርኽቲ ኣኽራናት ፍሽይ ምራራ ኣንቃዕሪሮም ዘቋምቱ፡ ንዓመትን መንፈቕን ዝሰረቱ ደፋዓትና፡ ብወገን ምብራቓም ኮይና ፊት ንፊት ትወቕዖም ነበረት። ኣባላት ኣሃዱና (ብርጌድ 35 ክፍለ-ሰራዊት 88) ኑቲ ዝሓደሩዎ ናይ ሓለዋ ደፋዓቶም የማነ ጸጋሙ ይኹን ቅድሚቱ ተቐጻጺሮም፡ ከም ልሙድ ናብ መውዓሊኦም ወረዱ።

ኢቶም ምግብና ዝጉብሩ ኣመት መግቢ፡ መማህሮም ዝሃቦም ዕዮ ገዛ ዝሰርሑ ድማ ርሳስ ኣብ ጥራዞም ተኸሊዮም ቁፊን ይብሉ፡ ገለ ከኣ ጽፈት ዕጥቆም ስለ ዘየዕገቦም ብዝለዓለ ደረጃ ከቆናጅዉ ይፈትሑ፡ ይሰፍዩ፡ ብዛዕባኡ ድማ ምስ ብጾቶም ይዘራረቡ ነበሩ። ገለ ቁርሲ ዝደንጎዮም ጥቓ ክሽነ ኮይኖም ጭግኒ እናበሉ፡ እግሪ መገዶም ብድምጺ ሓፋሽ ዝመሓላለፍ መልእኽታትን ደርፍታትን ይሰምዑን ይዛረቡን። ኣነ ንበይነይ ጉንዲ ናይታ ኣጽሊለላ ዝነበርኩ ገረብ ተጸጊዐ ፍርቂ ልበይ ኑቲ ብድምጺ ሓፋሽ ዝመሓላለፍ መልእኽቲ፡ ፍርቂ ልበይ ድማ፡ ነታ ንሓምሻይ ክፍሊ ክምህረላ ገናጺለ ዝዳለወላ ዝነበርኩ ብወኒ ዝምህራ ማሕበራዊ ኣስተምህሮ (ጆኦግራፍ) ምድላዋት እገብር ነበርኩ።

ለካቲት ተዛዚሙ መጋቢት ስጉም ዝበለሉ እዋን ናይ 1991 እዩ። ብወገን ህዝባዊ ግንባር ኣብ ደንካልያ፡ ብወገን ህወሓት ድማ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣብ ዝቐየድ ዝነበረ ግጥማት ዕለታዊ ወተሃደራዊ ዓወታት ዝሰምዓሉ ድሙቕ ወቕቲ ብስራት እዩ ነይሩ። ካብዚ ተበጊሶም፡ "ወቕቲ ዓወት፡ ለካቲት-መጋቢት" ዝብሉ'ውን ነይሮም እዮም። እዚ ፍጻመታት እዚ፡ እቲ ቃልሲ ናብ መዛዘሚ መድረኽ ይሰጋገር ምንባሩ ኣማቲ'ዩ ዝነበረ።

ዓወታት ምስማዕ ዝለመደ እዝንና፡ ናብቶን ዓወት ዘበስራ ማዕከናት ድምጺ ሓፋሽን ድምጺ ወያነ ትግራይን ምቁማት ጀመረ። እቲ ምስ ረድዮ ፍሉይ ፍቕሪ ዘለዎ ክመስል ረድዮ ካብ ኢዱ ዘይፈሊ ብጻይ ፍቕሪ፡ ኑቲ ዝመለኾ ሃድን (ድልያ) ረድዮ ስተሽናት ንምርግጋጽ፡ ንቀስቲ ናይታ ረድዮ ንጸማካ ጸጋም ጠዋወዩ ምስታ ካብ ሓራ መሬት ትግራይ እትፍኖ ዝነበረት ድምጺ ወያነ ኣራኸበና። "ሎሚ'ኸ እንታይ ሓድሽ ኩነታት ክሰምዕ ኢና" ኢልና እዝንና ኩር ኣበልና። ድምጺ ወያኑ፡ ከምቲ ልሙድ ፊልማ እትፍነውሉ ማዕበላት ዘለዉዋ መደባት ኣላለየት። ድሕሪኡ፡ ነታ ወተሃደራዊ ዓወታት እንተልዩ ቀዲማ እተበስር "ዓልል! ዓልል!" እትብል ፍልጥቲ ደርፊ ኣቃልሐት። ዜና ዓወት ንምስማዕ ኣእዛንና ኩር ኣበልና። እቲ ኣቕራቢ ዜና፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብቲ ወርሒ'ቲ ኣብ ክፍላተ ሃገር ጎንደርን ጎጃምን ዝቐየድ ዝነበረ መዛዘሚ ስርሒታት 'ወፍሪ ቴድሮስ' ዝምልከት ናይ ዓወት ዜናታት ኣቕረበ። እዚ ዓወት እዚ ኑቲ ብወገን ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝሕፈስ ዝነበረ ዓወታት ወርሓት ለካቲት-መጋቢት መለሱ ኩልዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ፡ ዓወታት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ወፍሪ ደንካልያ ተቓልሕ ነበረት።

እዚ ሓባራውን ወሀድን መጥቃዕትታት ህዝባዊ ግንባርን ህወሓትን፡ ኑቲ ስርዓት ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ከቃብጾ ምኳኑ ዝእንፍት ነበረ። ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ድሙቕ ዓወታት፡ መጋቢት ተወዲኣ ሚያዝያ እውን "ደሓን ኩኑ" በለት። ንሕና ከኣ ኣብዚ "ናጽነት መጺኡ" እትብለሉ ዝነበረት ህሞት፡ ከም መቐጸልታ ናይ ዝቐደመ ዕማማትና ማለት ናይ ቦታ ምድፍፋእት ንምግባር፡ ደፋዓትና ንኸማና ሓርበኛታት ኣረኪብና፡ ቦታ ንምቕያር ብርጌድና ብርጌድ 35 (ክፍለ ሰራዊት 88) ናብ ሰሎሙና ወሪድና፡ ቀጺልና ኮረቢት ሰሜናዊ ባሕሪ ሰንጢቕና፡ ምስተን ካቦና ዘይፍለያ መኻይድና ዝኾና ድኻምን ረሃጽን እናተላዘብና፡ ኣብ መጠማምቲ ጉቦታት ማይ ጭቃ ማለት የማናይ ዓይኒ ምስ ሓዘ መናጽፍና ኣብ ናሕሰ ናይቲ እንውዕሎ ዝተሃደመ ገዛ (ኣንደር-ግራውንድ) ኣንጺፍና ጎቦ ብምኳን ክሳብ ሰዓት ሸሞንተ ዜና B-B-C (ማዕከን ዜና ዓዲ እንግሊዝ)፡ ድምጺ ኣመሪካ (V-O-A) ዝጅምር፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ዕላል ከፊትና።

ሓደ ካብና "ስምዑኒ! ዓሰብ እንተተታሒዛ'ኮ፡ ኣስመራ ትተሓዘ ኣይትተሓዝ ዕምሪ መግዛእቲ ኣብቂዑ ማለት እኮ'ዩ" በለና። "ሓቀይ እንድዩ" ዝብል ሕቶ እውን ኣስዓበ። እቲ ኣብ ማእከል ደቂሱ ዝነበረ ጩሓም ብጻይ፡ መግለጺኡ ንምርግጋጽ ጭሕሙ ሕሰይሰይ እናበለ፡ "ኢሂናይ ደኣ እዚ ኩሉ ን30 ዓመታት ጸላኢ ዝረግረጎ ኑቶጉቲ ከይረገጸካ ኣስመራ ድቕ-ድቕ ምባል'ዩ" በለ። እቲ ዝተረግረገ ፈንጂ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ቅጅል እናበለ። እቲ ኣብራኹ ጨቢጡ ብኸልተ ኣእዳዉ ደገፉ ኩርምይ ኢሉ ኮፍ ዝበለ ብጻይ ድማ "ወይ ንስኻትኩም፡ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ብጻይ ኢሳይያስ፡ ኣብ ቃለመጠይቑ፡ ነዚ ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለታት ንምእንፋት 'ናጽነት ኤርትራ ናይ ኣዋርሕ ግዜ እዩ ተሪፉዎ' ክብል ገሊጹ'ዩ" በለ፡ ከም ደረፋይ ኣእዳዉ እናንቀሳቐሰ።

እዚኦምን ካልኦትን ናይቲ እዋን'ቲ ኣርእስታት ኣልዒልና ኣብ ርሱን ዘተ እንከለና፡ እቲ ብልሙድ ምሸት ሰዓት ሸሞንተ እንከታተሎ ዜና ዓዲ እንግሊዝ (B-B-C) ብምጅማሩ ኣቋረጽናዮ። ንጽባሒቱ፡ እታ ካብ ሓራ መሬት ትግራይ እትፍኖ ድምጺ ወያነ ትግራይ - ኣብ ግንባር ደሴ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ዝቕጽል ሓያል መጥቃዕቲ ምጅማሩ ድሕሪ ምግላጻ፡ ነታ "ክሳብ ኣዲስ ኣበባ" እትብል ናይቲ እዋንቲ ሁቡቡቲ ደርፊ ተጋደልቲ ወያነ ደጋጊማ ኣቃልሐት። ነዚ ምስ ሰማዕና፡ ኑቲ ወሀድ ስርሒት ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን ድሮ ተላሊናዮ ብምንባርና፡ "ህዝባዊ ግንባር'ከ በየን'ኮን የጥቅዕ ይኸውን?" ክንብል እንተላይ ንኩበስና ወሲኽና ኣብ ትጽቢት ነበርና።


19 ግንቦት 1991 ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግንባር ደቀምሓረ ከቢድ መጥቃዕቲ ከምዝፈነወ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣቃልሐት። ኣብዛ ዕለት እዚኣ ጥራይ ዓበይቲ ዓወታት ተሓፍሱ። ብ21 ግንቦት ድሕሪ ሓያል ግጥም ደቀምሓረ ኣብ ኢድ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣተወት። ነዚ ብስራት እዚ ምርኩስ ገይርና፡ ኣብ ዝተረፉ ግንባራት'ከ እንታይ ምድላዋት ኮን ይህሉ ይኸውን?" ኢልና ሕጂ'ውን እንተላይ ንኩበስና (ንኣሃዱና) እና ኣዳለናያ እንከለና፡ ኣብ ትጽቢትና ዘይነበረ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ሓደስቲ ክስተታት ተጋህዱ። መራሒ ኢትዮጵያ መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ግንባር ደቀምሓረ ድሕሪ ዘጋጠሞ ከቢድ ስዕረት ተስፋ ቆሪጹ ስልጣኑ ራሕሪሑ ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ከም ዝሃደመ ዜና ተቓልሐ። ንኡ ተኪኡ ድማ ሌፍተናንት ጀነራል ተስፋየ ጉብረኪዳን ስልጣን ፕረዚደንትነት ሓዘ።

ነዚ ዜና'ዚ ዝሰምዐ ዝኾነ ተጋዳላይ፡ ሃንደበትነቱ፡ ሓጎሱ፡ ሕርቃኑ ኮታ ኩሉ ነገራት ተሓዋዊሱዎ ናቱ ሚዛናዊ ትንታነ ክህብ ተጸገመ። ዘዘገርሞ ድማ፡ ፈለማ ንክኣምን ግዜ ይወስደሉ፡ ጸኒሑ "ብሓቂ ድዩ እዚ ክሳብ 'ሓደ ሱብን ሓንቲ ጥይትን ክንዋጋእ ኢና፡ ድሕሪኡ ከም ሃጼ ቴድሮስ ሽጉጠይ ሰትየ ብኽብረት እየ ዝዓ ዓለም ዝፋነዋ' ዝብል ዝነበረ ዕቡይ መንግስቱ ሃይለማርያም'ሲ መውዳእትኡ እዚ ኮይኑ" ብምባል'ዩ ምገረሙ ዝገልጽ ዝነበረ። ኣብ መወዳእታ፡ "እንቋዕ በሉ ሃደመ፡ ስራሕና'ኳ ይሰልጠና፡ መስዋእቲ'ኳ ነውሕድ" ኣብ ዝብል ሓሳብ ተሰማሚዕና። ድሕሪ'ዚ ኩለን ማዕከናት ዜና ነናተን ፍሉይ ዜና ከም ዝሀባ ያኢ፡ እንታይ ከምዝብላ ንምስማዕ ንኹለን ማዕከናት ዓለምና ክንፈታትሸን ኣብ ስራሕ ተጸመድና።

ድሕሪ ምህዳም መራሒ ኢትዮጵያ መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ዝተርፍ ዕማም እንተሎ "ኩሉኻ ኣብ ቀቅድመኻ ዘሎ ደፋዓት ጸላኢ ሰይርካ ናብ ኣስመራ ገጽካ ምውርዋር እዩ" ክንብል ደምደምና። ንኡ ዝኸውን ነገራውን ኣእምሮኣዊ ምቅርራብ ኣብ ምግባር እውን ኣተና። "ተበገስ" እትብል ትእዛዝ ድማ ሃረር በልናያ። መንፈስና ብሓጎስን ተስፋን ዝቐባበሎ፡ ሓጎስ ንባዕሉ ረብጻ-ረብጻ ዝዓ ኮፍ ምባል ከልኣና'ሞ ትርጉሙ ዘይርደኣና ምንቅስቓስ ኑበዝሕ ነበርና።

ይቕጽል . . .





ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ሕሳብ፡ ቋንቋ ስነ ፍልጠት!

ሕሳብ፡ ቋንቋ ስነ ፍልጠት፡ እንግሊዝ፡ መፍትሕ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ፡ ብዝብል ቴማ ብቐዳም ዕለት 18-04-2026 ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሓድነት፡ ምርኢት ብተመሃሮ ቀሪቡ ነይሩ። እቲ መደብ ኣብ ሕሳብ ዘሎ ድኻም ንምፍኳስን ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ንዘሎ ጌጋታት ንምእራምን ዝዓለመ ምንባሩ፡ ካብ ሓለፍቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ኣብቲ ኣብ ቻርት ዝተዳለወ ትምህርታዊ ጕስጓስ ንምርኣይ፡ ተመሃሮን ወለድን ተሳቲፎም ነይሮም። ኣብቲ ንኡድ ኣቀራርባ ዝተንጸባረቐሉ ምርኢት፡ ተመሃሮ፡ ዘሎዎም ፍልጠት፡ ክእለትን ርእሰ ተኣማንነትን ብግብሪ ኣመስኪሮም።

መምህራን ቤት ትምህርቲ ሓድነት፡ ንዝወደብዎ መደብ እናንኣድና፡ ኣብቲ ዝተኻየደ መሳጢ መደብ፡ ምስ ወከልቲ ተመሃሮ ዝገበርናዮ ዕላል እዚ ዝስዕብ እዩ። ሰናይ ንባብ!

***

### ምስ ኑብስኺ ኩተላልይኒ!


ስመይ ሳብሪና ቴድሮስ ተወልደ እብሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ሓድነት ተመሃሪት 8-6 እየ።

### ኣብዚ እንታይ ሒዝኪ ቀሪብኪ ኣለኺ!

ኣብዚ ተዳልዩ ዘሎ መደብ ንቛንቋ እንግሊዝ ዝምልከት መግለጺ ሒዘ ቀሪበ ኣለኹ። እዚ ሒዘዮ ዘሎኹ መደብ ድማ ተመሃሮ ንቛንቋ እንግሊዝ ብዝቐለለ መገዲ ዝሕዙሉን ዝመልኩሉን ኣገባብ ሒዘ ቀሪበ ኣለኹ።

### ብኸመይ እዮም እንግሊዝ ክመልኩ ትሕብሩ ዘለኹም!

ቀዳማይ፡ ቋንቋ እንግሊዝ ቀሊል ምኳኑ ክፈልጡ ኣለዎም። ካልኣይ ከኣ ትምህርቲ ሕጊ




ስለዘሎዎ፡ ሕግታት እንግሊዝ ብኸመይ ይመልኩ፡ ከምኡ'ውን ከይተሰከፉ ከመይ ገይሮም ይዛረቡ ዘጠቓልል ኣገባብ እንተ ተጠቂሞም ንምምላኹ ቀሊል ምኳኑ ንሕብሮም ኣለና።

### ኣብዚ መደብ ምቕራብኪ እንታይ ረቢሕኪ!

ነዚ መደብ ክንዳሎ ከለና፡ ዝሓሸ ኣቀራርባ ንክኸውን ኣበርቲዕ ጽዒረ። ኣብ እንግሊዝ ዝነበረኒ ብቕዓት'ውን ዝተመሓየሸ ኮይኑ ይስመዓኒ ኣሎ። ኣብ ቅድሚ ተመሃሮን ወለድን ኮይነ ክገልጽ ከለኹ ድማ ደስታ ተሰሚዑኒ ኣሎ።

### ወለድን ተመሃሮን ርእዮቶም ከመይ ኣሎ!

ኣዝዩ ጽቡቕ ኣሎ። ወለዲን ተመሃሮን ብጽሞና እናተኸታተሉ ሕቶታት ይሓቱ ኣለዉ። ገለ ምሁራን ድማ ርእይቶ ይህቡና ኣለዉ። ካብዚ ድማ እንደገና እመሃር ኣለኹ።

***

### ምስ ኑብስኻ ኩተላልየና!

ስመይ ቤትኣብ ሙሴ ተኽለ እብሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ሓድነት ተመሃሪት 7-9 እየ።

### ኣብዚ እንታይ ሒዝካ ቀሪብካ ኣለኻ!




ኣብዚ ሒዘዮ ቀሪበ ዘለኹ፡ ብዛዕባ ኣመጋግባን ኣለባብሳን ትሽዓተ ብሄራት እዩ። ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ዝተፈላለየ ኣመጋግባን ኣለባብሳን ከም ዘለዎም ብስእሊ ዝተሰነየ ከምኡ'ውን ብግብሪ ሒዝና ቀሪብና ኣለና። ካብዚ ዘቕርቦ ዘለኹ ድማ ናይ ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ኣመጋግባን ኣለባብሳን ፈሊጠ ኣለኹ።

### ኣብዚ መደብ ብምቕራብካ እንታይ ረቢሕካ!

ብዛዕባ ኣመጋግባን ኣለባብሳን ብሄራት ኤርትራ ዝነበረኒ ኣፍልጦ ዓብዩ። ከምኡ'ውን ነዚ መደብ ኩዳሉ ምስ ደቂ ቤት ትምህርተይ ስኒት ፈጢሩለይ። ብዓቢኡ ድማ ኣብ ቅድሚ ተመሃሮን ወለድን ብርእሰ ተኣማንነት ክገልጽ ክኢለ ኣለኹ።

### ወለድን ተመሃሮን ርእይቶኦም ከመይ ኣሎ!

ኣዝዩ ጽቡቕ ኣሎ። በዚ ዘቕረብናዮ መደብ ኣዝዮም ስለዝተመሰጡ ኩሎም ወለዲ እዮም ዝስእሉና ዘለዉ።

### ቤት ትምህርትኹም ከምዚ ዓይነት መደብ ምድላዎም እንታይ ትብል!

ኣዝዮም ግዱሳት መምህራን ኣለዉና። ነዚ መደብ እዚ ክንዳሉ ከለና ካብ ጎንና ከይተፈልዩ ምሳና እዮም ቀንዮም። ኣብ ልዕሌና ንዘሎዎም ሓልዮት ድማ ብልቢ ኣመስግናዮም።

***

### ምስ ኑብስኺ ኩተላልይኒ!


ስመይ ዩናቢ ክፍለማርያም ዓብለል እብሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ሓድነት ተመሃሪት 6-1 እየ።

### ኣብዚ እንታይ ሒዝኪ ቀሪብኪ!

ኣብዚ ሒዘዮ ዘለኹ ሕሳብ እዩ። ሕሳብ፡ ሕግታት ስለ ዘሎዎ ነዚ ሕግታት ዘንጸባርቑ ስእልታትን ፎርሙላን ሒዘ ቀሪበ ኣለኹ። ብሓፈሻ ብዙሓት ተመሃሮ ንሕሳብ ስለዘጸልኡዎ ብኸመይ ንሕሳብ ይፈትውዎ ዘርኢ ትምህርቲ እየ ሒዘ ቀሪበ ዘለኹ።

### ብኸመይ እዮም ሕሳብ ክመልኩ ትሕብሩ ዘለኹም!

ቀዳማይ ሕሳብ ኣብ ህይወትና ዘሎዎ ጽልዋ ንገልጸሎም ኣለና። ጭርሖና 'ሕሳብ፡ ቋንቋ ስነ ፍልጠት' እዩ ዝብል። እዚ ማለት ድማ ኩሉ ውጽኢት ስነ-ፍጠት ብሕሳብ እዩ ዝሰራሕ ማለት'ዩ። ብዘይ ሕሳብ ዋላ ሓንቲ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ፡ ሕሳብ ክንፈትዎ ኣለና። ኣብዚ ድማ ሕግታት ቀጽሪ




ብምሓዝን ምስ ህይወቶም ብምትሕሓዝን ክመልኩ ንሕብሮም ኣለና።

### ኣብዚ መደብ ምቕራብኪ እንታይ ረቢሕኪ!

ሓቂ ንምዝራብ፡ ነዚ መደብ ኩዳሉ ክብል፡ ኣነ ዝተመሃርኩዎ ይዓቢ። ርእሰ-ተኣማንነተይ ድማ ኣዕቢዩለይ ኣሎ።

### ንተመሃሮ እተመሓላልፍዮ መልእኽቲ እንተሎ!

ሕሳብ፡ ንሕና ዋላ እንተገደፍናዮ ንሱ ግን ኣይገድፈናን እዩ። ብሓፈሻ ሕሳብ፡ ኣዝዩ እዩ ዘፍቅረና ስለዚ ንሕና ድማ ከነፍቅሮ ይግብኣና። ስለዚ፡ ኣብ ሕሳብ ክንዓቢ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ንመሃር ክብል እደሊ።

# ምስ መዛኖይ ብኸመይ እሳነ!

ሓደ ተመሃራይ ምስ መዛኑኡ (መማህርቱ) ጽቡቕ ዝምድናን ስኒትን ክህልዎ ከሎ፡ ንትምህርታዊ ዓወቱ ጥራይ ዘይኮነስ ንማሕበራዊን ስነ ኣእምሮኣዊን ዕብየቱ'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። 'ምስ መዛኑኻ ብኸመይ ትሳነ' ንዝብል ሕቶ፡ ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ከም መምርሒ ክንጠቕስ ይክኣል እዩ። ሰናይ ንባብ!

## 1. ምክብባር

ንኹሎም ተመሃሮ፡ ከምቲ ካልኦት ንኣኻ ከኽብሩኻ እትደልዮ፡ ገይርካ ኣኽብሮም። ፍልልይ ሃይማኖት፡ ዓቕሚ ትምህርቲ፡ መልክዕ ብዘየገድስ ንኹሉ ተመሃራይ ብማዕረ ምርኣይ መሰረት ስኒት እዩ። ስለዚ፡ ንኹሎም መማህርትኻ ኣኽብር፡ ንሳቶም'ውን ከኽብሩኻ እዮም።

## 2. ጽን ኢልካ ምስማዕ

መማህርትኻ ሓሳባቶም ክገልጹ ከለዉ፡ ብተገዳስነት ስምዓዮም። መዛኑኻ ሓሳባቶም ንኣኻ ዝገልጹልካ፡ ስለ ዝኣመኑኻ ወይ ክትሕግዞም ስለ ዝደለዩ ምኳኖም



ኣስተብህል። ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ሓሳቡ ዘሰምዖ እንተ ረኺቡ ሕጉስ እዩ ዝኸውን። ስለዚ፡ መማህርትኻ ክዛረቡ ከለዉ፡ ጽን ኢልካ ክሳዕ ዝውድኡ ስምዓዮም።

## 3. ምትሕግጋዝ

ኣብ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ካልእ ንጥፈታት፡ ንመማህርትኻ ምሕጋዝ ንዘሎካ ዝምድና የደልድሎ እዩ። ንስኻ ዝተረዳእካዮ ትምህርቲ ንዘይተረድኦም ካልኦት ተመሃሮ ክትገልጸሎም ከለኻ፡ ንሳቶም'ውን ሓገዝ ኣብ ዘድልየካ ግዜ ክሕግዙኻ ድሉዋት ይኾኑ። ስለዚ፡ ዓቕምኻ ዝፈቕዶ ሓግዝ። ክሕግዝ ዘይክእልን ሓገዝ ዘይደልን ሰብ ከም ዘየለ ዘክር።

## 4. ካብ ሕሜትን ላግጽን ምርሓቕ

ብድሕሪ ሰብ ሕማቕ ዘይምዝራብ ወይ ብዛዕባ ካልኦት ዘይምልጋጽ፡ ጽቡቕ ስነ-ምግባር እዩ። ስለዚ፡ ካብ ሕሜታን ላግጽን ናጻ ኩን። መዛኑኻ እሙን ሰብ ምኳንካ እንተ ኣረጋጊጾም፡ ኩሎም ክቐርቡኻን ክኽብሩኻን እዮም። እሙን ሰብ ብኹሉ ተፈታዊ እዩ።

## 5. ስምዒት መዛኑኻ ምርዳእ

መሓዙትካ ክሓዝኑ ከለዉ ወይ ጸገም ከጋጥሞም ከሎ፡ ኣብ ቦታኦም ኴንካ ክትሓስብ ፈትን። "ደሓን ዲኻ!" ኢልካ ምሕታትን ምጽንናዕን ጥቡቕ ዕርክነት ይፈጥር እዩ። ስለዚ፡ መዛኑኻ ዝኾነ ዘካፍሉኻ ሓሳብ ኣይትንዓቆ።

## 6. ንዘጋጥሙ ጸገማት ብዘርርብ ምፍታሕ

ምስ መዛኑኻ ዘይምርድዳእ ከጋጥም ከሎ፡ ብቑጥዐ ወይ ብባእሲ ዘይኮነስ ብህድኣትን ብዘርርብን ንምፍታሕ ጽዓር። ጌጋ ምስ እትገብር፡ "ይቕረታ" ምባል ዓቢ ትብዓትን ናይ ብስለት ምልክትን እዩ። ምስ ዝበድሉኻ ድማ ሕነ ክትፈዲ ኣይትጓየ። ትዕግስቲ ገይርካ ክትፈትሖ ፈትን።

## 7. ቅንዕናን ተኣማንነትን

ቃልካ ምሕላውን ሓቂ ምዝራብን ሰባት ኣባኻ ዘሎዎም ኣረኣእያ የዕብዮ እዩ። ንግዚኡ ክትዕወት ክትብል ፈጺምካ ኣይትሓሱን ከምኡ'ውን ክትገብሮ ዘይትኽእል ኣይትዛረብን። ሓንሳእ እንተ ሓሲኻ ካልእ ግዜ ክኣምኑኻ ዝኽእል መዘናኻ የለን። ስለዚ፡ ተኣማኒ ተመሃራይ ኩሉ ግዜ ብመዛኑኡ ተፈታዊ ምኳኑ ኣስተብህል።

## 8. ኣብ ናይ ሓባር ንጥፈታት ምስታፍ፡

ኣብ ስፖርት፡ ክለባትን ናይ ጉጅለ ስራሓትን ብንጥፈት ምስታፍ ምስ ብዙሓት ሰባት ንኽትላለይን ንኽትላመድን ዕድል ይፈጥረልካ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ እትሳተፎ ንጥፈታት ብዘይ ዕጻይ ምጻጻይ ብትግሃት ስራሕ። ከምዚ እንተ ገይርካ ኩሉ ተመሃራይ ክፈትወካ እዩ።

ብሓጺሩ፡ ፈቃር፡ ሰማዒ፡ ሕያዋይ፡ ለዋህ፡ ቅኑዕ፡ ሓላዪ፡ ንጡፍን ትሑቱን ምኳን፡ ዝኾነ ተመሃራይ ምስ መዛኑኡ ብሰላምን ብፍቕርን ንኽሳነ ዝሕግዙ ቀንዲ መፍትሒታት እዮም። ስለዚ፡ ምስ መዛኑኻ በዚ መገዲ ተቐራረብ።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃ ማ ደ ኤ

## ረጕድቲ ደቂ ኣንስትዮ ሕልፊ ዝኽብራሎም ሕብረተሰባት

ኣብዛ ዓለም፡ ካብ ኑተን ሸጥ ዝበለ ስሩዕ ቅርጺ ኣካላት ዘለወን ቀጠንቲ ንላዕሊ፡ ኑተን ዘይስሩዕ ቅርጺ ኣካላት ዝውንና ረጕድቲ ወይ ሃዘራጣት ደቂ ኣንስትዮ ዘድንቑ፡ ዝውድሱ፡ ንመርዓን ሓዳርን ዝበሀጉ ብዙሓት ሕብረተሰባት ከም ዘለዉ ንፈልጥ ዶ ንኸውን? እምብኣርከስ፡ ኣብ'ዘን ዝስዕባ ሃገራት ኣብ ዝርከቡ ሕብረተሰባት፡ ረጕድቲ ደቂ ኣንስትዮ ብርጉደን ዝኽበራሉን ርእሰ ምትእምማንን ዘበርኻሉን፡ ብኣንጻሩ ድማ እተን ቀጠንቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝሓንካሉን ብዕድለን ዝማረራሉን ባህልታት ኣሎ። ዋላ'ኳ ምሕር ርጉዲ (ክረሻ) ምስ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ምትእስሳር ከም ዘለዎ ተሰቀሩዎም፡ ገለ ወገናት ሎሚ ሎሚ ኣመለኻኽታኦም ይቕይሩ እንተ ሃለዉ፡ መብዛሕትኦም ግን በቲ ዝጸንሖም ባህሊ እዮም ገና ዝቕጽሉ ዘለዉ።

**ናይጀርያ፡-** ኣብዛ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ዝዘን ዘይስሩዕ ቅርጺ ኣካላት ዝውንና ረጕድቲ ደቂ ኣንስትዮ ከም ምልክት ጽባቐ ርእዮም ሃንን ዝብሉለን ሕብረተሰባት ብዙሓት እዮም። ንኣብነት፡ ኣብ ሕብረተሰባት ኤፊክ፡ የሩባን ኢግቦን፡ ንፍርጣወ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ብልጽግና፡ ጥዕና፡ ጽባቐ፡ ግርዝውና፡ ፍርያምነትን ማሕበራዊ ርግኣትን ኣተኣሳሲሩ ዝርኢ ባህላውን ማሕበራውን ኣመለኻኽታ ስለ ዘሎ፡ ኣዋልድ ዕድመአን ንመርዓ ኣብ ዝኣኸለሉ እዋን፡ መታን ቀልጢፈን ክረጉዳ'ሞ ብእኡ መጠን ድማ ናይ ምምርዓው ዕድለን ክልዕል ተባሂሉ፡ ኣብ ገዛ ንበይነን ዓጺኻ ንዝተወሰነ እዋን ዝተመርጸ መግቢ ናይ ምምጋብ ወግዒ ይግበረለን።

**ማውሪታንያ፡-** ኣብዛ ሃገር እዚኣ'ውን ግዝፊ ኣካላት ዝውንና ደቂ ኣንስትዮ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከም መልኣኽ'የን ዝምለኻን ዝውደሳን ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ፡ ግዝፊ ኣካላተን ኣብ'ቶም ሕብረተሰባት ከም ምልክት ሃብቲ፡ ተደላይነት፡ ግርዝውና ወይ ድሉውነት ንሓዳር፡ ከምኡ ከኣ ከም ምልክት ማሕበራዊ ክብሪ እዩ ዝርአ። ስለ ዝኾነ፡ ደቂ ኣንስትዮ መታን ቀልጢፈን ኣፍሲ ክድልባ ተባሂሉ፡ ገና ደቂ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናት እንከለዋ ኣትሒዘን ልዕሊ ዓቕን መግቢ ክምገባ ይግደዳ። ወለደን፡ ደቂ ሃብታማት ከም ዝኾናን ንሓዳር ድሉዋት ምህላወንን ንኸርእዩ ኢሎም፡ ነዚ ካብ ህጻንነተን ኣትሒዞም ክሳብ ዕለተ መርዓአን ኣጉዲድካ ልዕሊ ዓቕን መግቢ ናይ ምምጋብ ባህሊ (leblouh) ብዕቱብ'የም ዝርእዩዎን ዝኽተሉዎን። ብኣንጻሩ፡ ቅጥኒ ምስ ድኽነት፡ ሕሰም ናይ መነባብሮ፡ ሕማምን ዘይድሉውነት ንሓዳርን ተኣሳሲሩ ስለ ዝርአ፡ ደቂ ኣንስትዮ ማውሪታንያ ንቕጥኒ ከም ቁሪ እየን ዝፈርሓኦ። ሎሚ ሎሚ ግን፡ እቲ ህዝቢ ንጥዕናዊ ሳዕቤናት ክረሻ ብዝዕበ ደርእየን ንኣውያት ሰብ ሞያ ጥዕና ይሰምዖን ስለ ዘሎ፡ በዚ ምኽንያት፡ ብፍላይ ኣብ ከተማታት እቲ ኣገዲድካ ናይ ምምጋብን ምኽራሽን ባህሊ እናሃሰሰ ይኸይድ ምህላዉ'ዩ ዝንገር።

**ደቡብ ኣፍሪቃ፡-** ኣብ ሓያለ ጸለምቲ ማሕበረሰብ ናይ'ዛ ሃገር፡ ቅርጺ ዘይሓለወ ግዝፊ ኣካላት (ግዝፊ ኣጥባትን መቐመጢን) እትውንን ጓል ኣንስተይቲ ተፈታዊትን ተደላዪትን እያ። ኣብ ከተማ ኬፕታውን ዝተኻየደ ሓደ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ'ዞም ሕብረተሰባት እዚኦም፡ ብመንጽር እተን ረጕድቲ፡ ነተን ቀጠንቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝግደሰለን ሰብ ብዙሕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ብመሰረት እቲ ዘሎ ባህላዊ እምነታት ናይቲ ሕብረተሰባት፡ ቅጥኒ ምስ ዕብራ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕናዊ ጸገማት፡ ድኽነትን ካልኦት ኣሉታዊ ነገራትን ተኣሳሲሩ እዩ ዝርአ። በዚ ከኣ፡ ረጕድቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ'ቶም ሕብረተሰባት ዝያዳ ክብረት ክረኽባ እንከለዋ፡ ርእሰ ምትእምማንን ከኣ ብእኡ መጠን ብርኽ ዝበለ ምዃኑ፡ እቲ መጽናዕቲ ይጠቅስ።

**ብራዚል፡-** ኣብ ብራዚል ዘሎ ባህሊ'ውን ካብዚ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘሎ ባህልታት ዝፍለ ኣይኮነን። ረጕድቲ፡ ብፍላይ ድማ ግዝፊ ኣጥባትን መቐመጢን ዝውንና ደቂ ኣንስትዮ፡ ንሓዳር ተበሃጊቲ እየን። ኣብታ ሃገር ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ኣሰታት ክልተ ሰሶ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ብራዚል፡ ንርጉዲ ወይ ግዝፊ ከም ምልክት ቁንጅናን ክርኢያኦ ከለዋ፡ ቁንጅና ድማ ኣብ ህይወት ዝረጋጽ ጽቡቕ ዕድላት ብእወታ ከም ዝጸልዎ ይኣምና። ይኹን'ምበር፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብታ ሃገር፡ ኣብ መንጎ ንርጉዲ ዘድንቕ ባህላዊ ኣመለኻኽታን ንቕጥኒ ዝውድስ ምዕራባዊ ጽልዋ ዘለዎ ሓድሽ ኣረኣእያን ከቢድ ምትፍናን ከም ዘሎ ይግለጽ። ብሓፈሻ ግን፡ ኣብ ከም ጋና፡ ጃማይካ፡ መክሲኮ፡ ዶመኒካን ሬፓብሊክ፡ ቬንዙዌላ፡ ቶንጋ፡ ወዘተ. ዝኣመሰላ ካልኦት ሃገራት'ውን፡ ረጕድትን ክረሻትን ደቂ ኣንስትዮ ብኣካላዊ ትርኢተን ዝኸበራሉን ክሳደን ኣቕኒዐን ዝኸዳሉን፡ ብኣንጻሩ ድማ ቀጠንቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝሓንካሉን ደሃይን ዝኸዳሉን ባህልታት ከም ዘሎ ምግንዛብ የድሊ።

## ንጽባቐ ዝኽፈል ዘይቅቡል ዋጋ!

“ጽባቐ ብዓይኒ ጠማቲኡ” ዝብል ኣድማሳዊ ኣበሃህላ ኣሎ። እዚ ዘርእየና፡ መለክዒታት ደጋዊ ጽባቐ ወይ ቁንጅና፡ ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ፡ ካብኡ ናብኡ'ውን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝፈላለ ምዃኑ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓያለ ከበባታት ሃገርና፡ ድልዱል ኣካላት እትውንን ጓል ኣንስተይቲ፡ ብዓይኒ ጡብ ናይ ምጥባው፡ ከቢድ ጸር (ዕትሮ ማይ፡ ዕንጸይቲ፡ ዘንቢል፡ ወዘተ.) ናይ ምሽካምን ኣብ ጉልበታዊ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብኣድማዕነት ናይ ምውሳእን ዓቕማ ተራእያ፡ ጽብቕቲ ተባሂላ ንመውስቦ ተበሃጊት ዝበረትሉ እዋን ነይሩ እዩ። ሕጂ'ውን ተደላዪት ኮይና ትቕጽለሉ ከበባታት ይህሉ ይኸውን።

ብሓፈሻ ኣብ ከም ኣፍሪቃን ደቡብ ኣመሪካን ዝኣመሰለ ከበባታት ናይ ዓለም፡ ረጕድቲ ደቂ ኣንስትዮ ሕልፊ ቀጠንቲ ዝኽበራሉ፡ ንመውስቦ ድማ ዝበሃጋሉን ዝምረጻሉን ባህልታት ብዙሕ ኣሎ። ብኣንጻሩ ድማ፡ ኣብ ከም ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ዝኣመሰለ ምዕራባዊ ዓለም፡ ንቕጥኒ ወይ ጥልቃዐ ከም ቀንዲ መለክዒ ናይ ጽባቐ ዝርኢ ባህሊ ነገሱ ስለ ዘሎ፡ ቅርጺ ዘይሓለወ ሰቡሕ ወይ ግዝፊ ኣካላት ዝውንና ደቂ ኣንስትዮ፡ ጠማቲኦን ኮነ ደላዮአን ውሑድ እዩ።

እቲ ዘርኸም ድማ፡ እዚ ንጥልቃዐ ከም መውዳደሪ ዝሃብሉ መለክዒ ጽባቐ ገይሩ ዝርኢ ምዕራባዊ ባህሊ'ዚ፡ ከም ተላጊቢ ሕማም ናብ ኣፍሪቃን ካልኦት ከበባታት ዓለምን ተላቢዑ፡ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ባህልታት ወይ ማሕበራዊ ኣመለኻኽታታት ይብርዝ ምህላዉ እዩ። ከም መርኣያ ናይዚ ከኣ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ኣብ መርዓን ደርዓን ዘይበጽሓ ወይ ንፍቕርን ሓዳርን ዘቋምታ ጎራዙ፡ ነዚ መማዘኒ ጽባቐ ዝኾነ ቅጥኒ ወይ ጥልቃዐ ናብ ኑብሰን ንምምጻእ ሐኸኸ ክብላ ምርኣይ ልሙድ እናኾነ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ።

ኣብ ኢንዱስትሪታት መፍረ ኩሕሊ- ምሕሊ (Cosmetics)፡ መጋየጺታት፡ ናይ ንጽህና መሳርሒታት፡ ምርኢት ቅዲ ክዳን (Fashion Show)፡ ወዘተ. ዝጠፍሑ ዓበይቲ ኩባንያታት ዓለምና፡ ቀልቢ ደቂ ኣንስትዮ እናሰለቡ ዕዳጋ ፍርያቶም ንምዕማርን መኽሰቦም ንምዕባይን ክብሉ፡ ብዝተፈላለዩ ማሕበራዊ መራኸቢታት (ኢንስታግራም፡ ቲክቶክ፡ ዩትዩብ፡ ወዘተ)፡ ብመሳኸቲ ቴለቪዥናት (Bravo፡ QVC፡ NBC፡ ABC፡ CBS፡ ወዘተ)፡ ብጋዜጣታት (The Sunday Times፡ Women's Wear Daily፡ The New York Times፡ ወዘተ)፡ ብመጽሔታት (Allure፡ Vogue፡ Elle፡ ወዘተ)፡ ከምኡ'ውን ብኻልኦት መራኸቢታት ኣቢሎም፡ ናብ ምሕር ዕብራን ገጹ ዝኸይድ ዝተጋነነ ቅጥኒ (ጥልቃዐ)፡ ኣብር ኣልቦ ልስሉስ ቆርበት፡ ወዘተ. ምልክት ፍጹም ጽባቐ ደቂ ኣንስትዮ ምዃኑ ንምእማን ኣጸዒቖም ይሰብኩሉ ስለ ዘለዉ፡ እተን ነዚ ኣብ ባይታ ሃሰስ ኢልካ ዘይጭበጥ ዘይጉብራዊ ናይ 'ቢዝነስ' ስብከት ኣሚነን ነቲ መለክዒ ከማልኣ ክበላ ዘይምሰል ዝማስኦ፡ ግደ ብስዕቶትን ተሰሩ ምቕራጽን ዝኾና፡ ኣብ መወዳእታ ድማ መፍቶ ተበለጽቲ ሕማማት ብምዃን ጥዕናአንን ህይወተንን ኣብ ሓደጋ ዘውድቓ ጎራዙ ውሑዳት ኣይኮናን።

መጽናዕቲታት ከም ዝሕብሩዎ፡ ብፍላይ ንዝለወን ትዕድልቲ ናይ ቁመተን ሰሓቢ ኣካላዊ ቅርጺን ኣብ ግምት ኣእትየን ሞዴላት ንምዃን ባህግን ድሌትን ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ፡ እዚ በዞም ኩባንያታት ዝሰበኸሉ መማዘኒ ጽባቐ ንምምላእ ካብ ዝፍጽማኦ - ንጥዕናአን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ዘይቅቡል ተግባራት ሓደ፡ መግቢ ብምሕሳም፡ ብምንካይ ወይ ብዘይካ ቪታሚን ካልእ መኣዛዊ ትሕዝቶታት ዘይብሉ መግቢ ብቕጽሊ ብምምጋብን ካልእን ኣቢልካ፡ ክሳብ ኣዕጽምቲ መሰናግለኻ ዝርኣ ክትዓብርን ብዓጸቦ ክትጥቃዕን ምፍቃድ እዩ። እዚ፡ ኣብ ሃገርና'ውን ኣብ ሓደ ሓደ ሞዴላት ሳሕቲ ዝርአ ኮይኑ፡ እቲ ተግባር ንነዊሕ ግዜ ምስ ዝቕጽልን ምኽሪ ሰብ ሞያ ጥዕና ምስ ዘይረኽበን፡ ክሳብ ሞት ዝበጽሕ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕብ ከም ዝኽእል ክኢላታት ጥዕና የረድኡ።

ብመሰረት እዞም ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ቁመተን ልዕሊ 175 ሰንቲ ሜተር ክንሱ፡ ደይ መደይ ኢለን ንኑብሰን ጾም ብምእዋጅን መግቢ ብምንካይን ዘይስሩዕ ኣመጋግባ ብምዝውታር፡ ሽውሃት ዝዓጽዉ መድሃኒታት ብምውሳድ፡ ቀቀልጢፉ ደገ (ቀልቀል) ዘውጽእ መድሃኒታት (laxatives) ብምጥቃም፡ ወትሩ ዝጸገበ ኮይኑ ክስመዐን ዝኽእል ከኒናታት ብምውሳድ፡ ዝበለዓኦ መግቢ ከይሓቐቐ እንከሎ ኢደን ናብ ኣፈን ኣእትየን ብተምላስ ከም ዝወጽእ ብምግባር፡ ከምኡ ድማ ዝርከቡ ጸዓት ናይ ኣካላተን ጸንቂቐን ንምቕጻል ኣብ ከቢድን ዕረፍቲ ዘይብሉን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምጽማድ ኣብለን፡ ሚዛን ኣካላተን ናብ ትሕቲ 40 ኪሎ ግራም ዘውርዳ ብእኡ ምኽንያት ንጥዕናአን ንፋስ ዘእትዋሉን ክሳብ ኣብ ሞት ዝበጽሓን ደቂ ኣንስትዮ ሞዴላት ብቑጽሪ ውሑዳት ኣይኮናን። እቲ ዘሕዝን ድማ፡ እዚ ሓደገኛ ተግባራት'ዚ ንነዊሕ ግዜ እንተ ቀጺሉ፡ እቲ ዝተዓጽወ ሽውሃት ዳግማይ ክኸፈት ወይ ናብቲ ዝነበሮ ደረጃ ክምለስ ዘይክእለሉ ዕድል ልዑል ምዃኑ እዩ። እዚ፡ ብቛንቋ እንግሊዝ 'Anorexia nervosa' ተባሂሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እንተላይ ኣብ ደጋዊ መልክዕ ወይ ትርኢት ገጽ ኑብስኻ ዝለኻ ዘይንቡር ኣመለኻኽታ'ኳ ክብደት ከይትውሰኽ ንዝስምዓካ ምሕር ዝተጋነነ ፍርሃን እውን ዘጠቓልል እዩ።





### ኣብዚ ሰሙን እንታይ ነበረ፧

ናይ ሎሚ ዓመት ተዓወትቲ ኣህጉራዊ ሽልማት ‘ጎልድማን ኢንቫይርመንታል ፕራይዝ (Goldman Environmental Prize)፡ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ብምዃነን ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና ዓለም ስሒበን ቀጺለን። እተን ነዚ ክቡር ሽልማት'ዚ ንምዕታር ኣብዚ ሰሙን'ዚ ዝተበሰራ ሽዱሽተ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ድሕነት ኣከባቢ ሕልፊ ሰበን ተወፋየን ዝጦፋ ኮይነን፡ ብኣበርክቶኦን ካብ ሽዱሽተአን ክፍለ ዓለማት ዝተወከላ ሕጹያት ናይቲ ሽልማት ኮይነን እየን ጸኒሐን።

እዘን ዜጋታት ናይጀርያ፡ ደቡብ ኮርያ፡ ብሪጣንያ፡ ፓፑወ ኒው ጊኒ፡ ሕ.መ.ኣመሪካን ኮሎምብያን ዝኾና ተዓወትቲ ናይዚ ሽልማት፡ ኣብ ምምካት ክሊማዊ ለውጢን ኣብ ምድሓን ህይወታዊ ብዙሕነትን ብዘበርከተኦ ዘለዋ ፍሉይ ኣበርክቶ እየን ነዚ ሽልማት'ዚ ክበቕዓ ክኢለን። ነፍሲ ወከፈን ድማ 200,000 (ክልተ ሚእቲ ሽሕ) ዶላር ተሸሊመን። ሓንቲ ካብ'ዘን ተሸለምቲ፡ ዩቨሊስ ሞራለስ ብላንኮ ዝተባህለት ኮሎምብያዊት ኮይና፡ ኣብ 24 ዓመት ዕድመኣ ነዚ ሽልማት'ዚ ክትዓትር ብምብቕዓ፡ ካብ ሓያሎ ወገናት ዓለም ፍሉይ ኣተኩሮን ኣድናቖትን ክትረክብ ክኢላ ኣላ።

ኣህጉራዊ ሽልማት ጎልድማን ኢንቫይርመንታል ፕራይዝ፡ ብኣመሪካውያን ገበርቲ ሰናይ ሪቻርድ ጎልድማንን ብዓልቲ ቤቱ ሮዳ ጎልድማንን ኣብ 1989 ኣብ ካሊፎርንያ ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ዓመታዊ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ፍሉይ ኣበርክቶ ንዘበርከቱ ሽዱሽተ ዜጋታት (ንሽዱሽተአን ክፍለ ዓለማት ዝውክሉ ማለት'ዩ) ይሽልም። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ብድምር ልዕሊ 32 ሚልዮን ዶላር ሸሊሙ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ኣብዚ ናይ 37 ዓመት ታሪኹ፡ ሎሚ ዓመት'የን ንፈለማ እዋን ተሸለምቲ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ዝኾና ዘለዋ።

**ከድጃ ኢብራሂም**

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ እስራኤልን ሊባኖስን ተናዊሑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ተበጺሑ ዝጸንሐ ን10 መዓልታት ዝቐጽለ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ብሰለስተ ሰሙናት ክናዋሕ ምዃኑ ሓቢሩ።

እቲ ውሳኔ ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ኣምባሳደራት ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ቤት ጽሕፈት ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ (ዋይት ሃውስ) ንኻልኣይ ግዜ ድሕሪ ዘካየድዎ ዝርርብ እዩ ተበጺሑ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ መንግስቲ ሊባኖስ ካብ መናውራታት ሕዝቦላህ ንኽድሕን ኣመሪካ ምስቲ መንግስቲ ሓቢራ ክትሰርሕ ምዃና ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ምስ ወኪላት እስራኤልን ሊባኖስን ኮይኖም ዝተራኸቡን ጽቡቕ ዝርርብ ኮይኖም ዘካየደን ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ቀረባ



መጻኢ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁን ፕረዚደንት ሊባኖስ ጆሰፍ ዓውንን ዓዲሙ ክዘራረቦም መደብ ከም ዘለዎ ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ 16 ሚያዝያ፡ እስራኤልን ኣመሪካን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝጀመራኦ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ ሰዒቡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ዝተወልዐ ግጭት፡ ንዓሰርተ መዓልታት ደው ክብል ኣብ ስምምዕ ምብጻሑ ዝዝከር እዩ።

እንተኾነ፡ እቲ ኣብ መንጎ መንግስታት ሊባኖስን እስራኤልን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ብሰንኪ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዶብ ሊባኖስ ዝፍጸም ዘሎ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ሰንኮፍ ከም ዝርከብ እዩ ተዓዚቢቲ ዝገልጹ።

## ፈረንሳን ፖላንድን፡ ንሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ይዳለዋ

ፈረንሳን ፖላንድን፡ ኣንጻር ፈደረሽን ሩስያን ቤላሩስን ዝቐንዐ ዝመስል ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ክካይዳ ምድላዎት ይገብራ ምህላወን፡ 'ዊርቱዋልና ፖልስካ' ዝተባህለት ማዕከን ዜና ፖላንድ ሓቢራ።

እታ ማዕከን ዜና ምስቲ ጉዳይ ቀርበት ንዘለዎም ወገናት ብምጥቃስ ኣብ ዝዘርገሐቶ ሓበሬታ፡ ክልቲአን ሃገራት ኑቲ ካብ ሩሲያ ክመጽእ ይኽእል እዩ ዝበሉኦ መጥቃዕቲ ንምክልኻል፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ባሕሪ ባልቲክን ሰሜናዊ ክፋል ፖላንድን ሓባራዊ ንጽክልሳዊ ልምምዳት ክካይዳ ምዃነን ኣፍሊጣ።

ሞስኮ ግን፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነት ኤውሮጳዊት ሃገር መጥቃዕቲ ክትካይድ ዕላማ ከም ዘይብላ ድሕሪ ምግላጻ፡ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ብቐሊሉ ንወተሃደራዊ ጎንጺ ይዳሎ ምህላዉ ከሲሳ።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮንን ቀዳማይ ሚኒስተር ፖላንድ ዶናልድ ቱስክን፡ ብዘዕባ'ቲ ዝካየድ ወተሃደራዊ ልምምዳትን ካብ ሩሲያ ክመጽእ ንዝኽእል መጥቃዕትታት ግብረ መልሲ ንምሃብ ዝኽእሉም ውጥናትን ኣመልኪቶም፡ ኣብዚ ሰሙን እዚኣ ከም ዝተዘራረቡ ተፈሊጡ ኣሎ።

እቲ ተወጢኑ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ኣካል ናይቲ ፕረዚደንት ማክሮን ንጽክልሳዊ ዓቕሚ ሃገሩ ንምዕባይ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ምዃኑ ምንጭታት ይሕብሩ።



ኣፈኛ ክሬምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ፡ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ፈረንሳን ፖላንድን፡ ኤውሮጳ ወተሃደራውን ንጽክልሳውን ዓቕማ ንምዕባይ ባህጊ ከም ዘለዋ ዘርእይ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲ ንርግኣት ናይታ ኣህጉር ዝዘርግ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ባይቶ ፊንላንድ፡ ኑቲ ካብ 1980 ንደሓር ዝኣገዶ - ንጽክልሳዊ ኣጽዋር ናብታ ሃገር ምእታውን ምዕቃብን ዘፍቅድ ሕጊ - ዳግማይ ክዝተየሉ ጀሚሩ ምህላዉ ተሓቢሩ።

ፈደረሽን ሩስያ ብወገና፡ ፊንላንድ ዝኾነ ይኹን ንጽክልሳዊ ኣጽዋር ናብ መሬታ ምስ እተእቱ፡ ንድሕነታ ከቢድ ስግኣት ስለ ዝኾነ፡ ተረር ግብረ መልሲ ክትህበሉ ክትግደድ ምዃና ኣጠንቂቓ።




## ሜታ፡ ኣሽሓት ሰራሕተኛታት የባርር

ኩባንያ ቴክኖሎጂ ሜታ፡ ኣብ ትሕተ ቅርጺ ስብ ሰርሖ ብልሓት ብዙሕ መሃያ ኣብ ዝኸፈሉ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲን ልዑል መጠን ገንዘብ የውጽእ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣስታት 8 ሽሕ ካብ ሰራሕተኛታቱ ክሰጉግ ምዃኑ ሓቢሩ።

እቲ ኩባንያ ቴክኖሎጂ፡ ኑቲ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ዝወሰደሉ ምኽንያት፡ ብቐዓት ስራሕ ንምምሕያሽን ኣብ ስብ ሰርሖ ብልሒ ከኣ ሓያሽቲ ወፍርታት ንምክያድን ምዃኑ ኣረጋጊኡ።

ብተወሳኺ፡ ዓርሞሽሽ ኩባንያ ቴክኖሎጂ ማይክሮሶፍት፡ ብድሌቶም ጥሮታ ክወጽኡ ንዝደልዩ ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ ኣሽሓት ሰራሕተኛታቱ፡ ዕድል ክህብ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ምስቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት፡ እቲ ናይ ጥሮታ ዕድል፡ ኣብ መጀመርያ ዝመጽእ ግዝኣት ንኣስታት 8,750 ሰራሕተኛታቱ ክህቦም መዲቡ ምህላዉ ኣፊሮም።

ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ፡ ዝተፈላለያ ዓበይቲ ናይ ቴክኖሎጂ ኩባንያታት ዝወስደኦ ዘለዋ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰራሕተኛታት ናይ ምስጓግ ስጉምቲ፡ ኣብ ስብ ሰርሖ ብልሒ ዝካየድ ወፍሪታት ንምዕባይ ዝዓለመ ምዃኑ ይገልጹ።




## ናይጀርያ - ዕጡቓት 20 ሰባት ቀቲሎም

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ ኣብ ዝርከብ ክልተ ገጠራት፡ ዕጡቓት ብዝፈጸምዎ መጥቃዕትታት፡ ብውሑዱ 20 ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ሰበ ስልጣን ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ኑቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰደሉ ኣካል እኳ እንተ ዘየሎ፡ ካብ 2009 ጀሚሩ ኣብቲ ከባቢ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ዕጡቕ ጉጅለ ቦኮ ሓራም ፈጺሙዎ ክኸውን ከም ዝኽእል ግን፡ እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም ኣመልኪቶም።

እቶም ዕጡቓት፡ ኣብ ሞተር ብሽክሌታ ተወጢሖም ናብ ዓዲታት ጅባጉን ማጆ-ላደንን ድሕሪ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ልዕሊ ነበርተን ተኹሲ ከም ዝኸፈቱን ብርክት ዝበሉ ኣብይቲ ከኣ ከም ዘቃጸሉን ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

ኣብታ ብሰደዲ ሃብታም ምዃና ዝንገረላ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ፡ ጃምላዊ ጨውያ ሰላማውያን ሰባት፡ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ መዓስከራትን ቅትለት ላዕለዎት መኮንናትን ብዝበዝሐ ከም ዘጋጠሙ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኖቫ | 25/04/26 | ጎደና ዓደገት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ ፓስጣ ዕዳጋ ዓርቢ | 07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565